ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.239 | ቀዳም 06 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጦብለሕታዊ ንባብ፡ መደረ ክቡር ፕረዚደንት
ብመንጽር ፍልስፍና፡ ራእይን ፕሮግራማትን ኤርትራ

ገጽ 4
ድሕነት መግቢ - ናይ ኩሉ ሓላፍነት

ገጽ 5
ማእከል ምህዞን ዊኒንን ሃግመተኤ
መሰሰኒ መሃዝትን ሰናዕትን

ገጽ 11
ኣስመራ ማራቶን ናይ 2026 ዕዉት መንደኾውን፡





# ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት በነሉክስን፡ ንኤርትራውያን ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት በነሉክስን ኣቶ ነጋሲ ካሳ፡ ብ31 ግንቦት ንኤርትራውያን ተቐማጦ ዙዎግ - ሆላንድ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ ዘቤታዊ፡ ዞባውን ጎደቦኣውን ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ጉዳያት ዘተኩረ ሰፊሕ መግለጺ ዝሃበ ኣምባሳደር ነጋሲ፡ ዘሎናዮ መድረኽ - ልዑል ንቕሓት፡ ድልዱል ውዳበታትን ዕዙዝ ተሳትፎን ስለዝሓትት፡ ዜጋታት ድሉውነቶም ብዘለዓለ ከረጋግጹ ጸዊዑ።

ኣብ'ዚ ተዛዊሱ እዋን፡ ኤርትራ ውሽጣዊ ርግኣታ ኣውሒሳ ልምዓታዊ መደባታ ኣብ ምስልሳል ከምእትርከብ፡ ማዕረ-ማዕረኡ ድማ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ንምውሓስ ብመትከል ኣሚና ትሰርሓሉን ምቕሉል ኣበርክቶ ትገብርን ምህላዋ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ክብረኣብ ተወልደ ብወገኑ፡ ንቈንስላዊ ኣገልግሎትን ንስሉጥነቱ ዝግበር ዘሎ ጻዕርን ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኢሳቕ ምናሴ ብወገኑ፡ ተሳትፎ ኣብ ሆላንድ ዝነብር ኤርትራዊ ኣብ ሃገራዊ መደባት ብምምጓስ፡ ፕሮጀክትታት ኣሕዳራ-ኣብያተ-ትምህርቲ ንምቅልጣፍ ብዕቱብ ክሰራሕ ከምዝለዎ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ መሳርያም ብምድልዳል፡ ከም ወትሩ ኣበርክቶኦም ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጾም።

# ሎጎ ዓንሰባ - ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደርሰነይ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመሪቓ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ - ምምሕዳር ከባቢ ደርሰነይ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ብኣስታት 12 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃንጸት ሓዳስ ዲጋ፡ ብ31 ግንቦት ተመሪቓ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዘርኢጋብር ተስፋይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መመረቕታ ዲጋን ምእታው ሓድሽ መስመር ኤለክትሪክን ብሓደ ምጽንባሉ ድርብ ሓጎስ ከምዝፈጠረሎም ብምግላጽ፡ ንኹሉ "የቐንየልና" ኢሉ።

ደርሰነይ ካብ'ተን ብጽምኢ ማይ ክሸገራ ዝጸንሓ ዓድታት ምዃና ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባን ተወሃሂዱ ሳላ ዝተግበሮ ዕዉት ስራሕ፡ እታ ዲጋ ኣብ መሪጽምታ ከምዝበጽሐት ገሊጹ።

እታ ኣብ "ኣሕደርጊ" ዝተባህለ ከባቢ ዝተሃንጸት፡ 14 ሜትሮ ቁመትን 100 ሜትሮ ጎኒን ዘለዋ ዲጋ፡ ኣስታት 200 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ ክትሕዝ ከምእትኽእል ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ፡ ጸገም ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ኣብ ርእሲ ምፍታሕ፡ መስኖኣዊ ልምዓት ንምድንፋዕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝህልዋ ኣሚቱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ነቲ ንዘበርዎ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ምስራሕ ዲጋ ሓደ ምዕራፍ ስለዝኾነ፡ ተሰሪሑ ዘሎ ክዕቀብን ውሕሉል ኣጠቓቕማ ክዘውተርን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ምምሕዳር ከባቢ ደርሰነይ፡ ኣስታት 1,400 ህዝቢ ይነብሮ።

# ደቡብ - ዑረት ንምክልኻል ዕዉት ወፍሪ ተኻዪዱ



ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ዑረት ንምክልኻል ዝዓለመ ዕዉት ወፍሪ መጥባሕቲ ዓይኒ ኣብ ሸውዓተ ንኡሳን ዞባታት ከምእተኻየደ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻር ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ የማነ ጴጥሮስ ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈ፡ ደባርዋ፡ ደቀምሓረ፡ ጾሮና፡ ዓዲ-ኳላ፡ ማይ-ምነን ዓረዛን ን548 ወገናት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ፡ ን210 ድማ መጥባሕቲ ዓጽሚ ዓይኒ ከምእተገበረሎም ኣብሪሁ።

እቲ ምስእ ብምስእ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝተኻየደ ወፍሪ፡ ነቲ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራን ሆስፒታል ዓዲ-ቐይሕን ብቐዋምነት ዝወሃብ ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ ብምስፋሕ፡ ንተገልገልቲ ኣብ ከባቢኦም ከምዝፍወሱ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ብምሕባር፡ 97 ማእታዊት ዕዉት ምንባሩ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብዘቐዋምነት ጸሬትን ንምፍጻም ዘኽእል ዘመናዊ መሳርሒታትን ዓቕሚ-ሰብን ስለዘዋደደ በቲ ሓደ፡ እኹል መድሃኒትን መሳለጥያታትን ስለዝቐረበ ከኣ በቲ ካልእ፡ ተሓክምቲ በብዘመጽኦም ዘድሊ ፍወሳ ይረኽቡ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መላእ'ቲ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ 7 ዓመታት ትራኮማ ንምግታእ ብዝተኻየደ ጎስጓሳትን ናይ ፍወሳ መደባትን፡ ተርእዮ ናይ'ቲ ሕማም ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከምዝወረደ ብምግላጽ፡ ሽፋን መጥባሕቲ ሓበላ ድማ ካብ 18 ሚእታዊት ናብ 87 ሚእታዊት ከምዝበረኸ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ የማነ፡ ሕማማት ዓይኒ ብፍላይ ከኣ ሓበላ፡ ትራኮማን ኒድሪ ዓይንን ብቐሊሉ ብሕክምና ክፍወሱ ከምዝኽእሉ፣ ግቡእ ሕክምና እንተዘይረኺቦም ግና ዑረት ዘስዕቡ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎ ዜጋ፡ ናብ ብዓል ሞያ ቀሪቡ ክምርመር፣ እቶም መጥባሕቲ ዘካየዱ ድማ ብሓኪም ንዝተዋህቦም ምኽሪን መድሃኒትን ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

ዜና

# ሚኒስትሪ ዜና፡ ብዓውዲ ቪድዮን ፎቶግራፍን ዘሰልጠኖም ኣባላት ኣመረቐ

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብዓውዲ ቪድዮን ፎቶግራፍን ንክልተ ኣዋርሕ ዘሰልጠኖም ኣባላቱን ኣባላት መሻርኽቲ ትካላትን ብ4 ሰነ ኣመረቐ።

ኣብ ቀጽሪ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝተኻየደ ስነሰርዓት መመረቕታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣቶ ዓብዱላሂ መሓመድኑር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሚኒስትሪ ዜና ምስ ግዜን ምዕባለታትን ብቐዓት ኣባላቱ ክብ እናኣበለ፡ ፍርያት ሚድያ ብትሕዝቶን ዓይነትን ንምብራኽ፡ ዓመታዊ ውጥናት ስልጠና ሓንጺጹ ንኣባላቱን ኣባላት መሻርኽቲ ትካላትን ምስልጣን ብቐጻሊ ዘሰላስሎ ዕማም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ስልጠና 10 ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 19 ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና፡ 2 ኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን 1 ኣባል ሚኒስትሪ ህንጻን ብድምር 22 ተመሃሮ ከምዝሰልጠኑ ገለጸ።

እቲ ስልጠና፡ ሕመረት ኣምራት ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ፣ መሰረታዊ ቴክኒካት ኣወሃህባ ስእሊ፣ መቓንን ወሃደትን ስእሊ፣ ብርሃን፡ ሕብርን ድምጺን፡ ኣተሓናንጻ ዛንታ ብስእሊ፣ ከምኡ'ውን መማኸሪታት ብሉጽ ስእሊን ኣልኢን ዘጠቓለለ ክልሱ ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ'ዩ።

ሰልጠንቲ ዘቕረብዎ ፍልጠት ብዮዝበሪ ንምርኣይ፡ ኣብ ጉጅለታት ተመዲቦም ዘዳለውዎ ፕሮጀክትታት ዝሓደ ምንባሩ ዝገለጸ ኣቶ ዓብዱላሂ፡ ንልዑል ድሌትን ተገዳስነትን ሰልጠንቲ ኣመስጊኑ።

ወከል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ዜና ዝሂ ኣጉዳሲ ስልጠና'ዚ ብናጻ ክቕረበሉ ንዝፈጠረሎም ዕድል ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ብዝተዋህቦም ስልጠና፡ ስእሊ ዕምቈ ዝበለ ፍልጠት ዝሓትት፣ ታሪኽ እትሰንደለ፣ ስምዒታት እተዝሓርቅለ፣ ከምኡ'ውን ጸጋቕን ጥበብን እተሰተማቕረሉ ሰፊሕ ዓውዲ ምዃኑ ክርድኡ ከምዝኸኣሉ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ጋዜጣ ኣቶ ሰለሙን በርሀ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር ዓዲሉ።


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

# ፎሮ - መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ብሞያ ቀዳማይ ረድኤት ዝሰልጠኑ 78 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 168 መንእሰያት፡ ብ29 ግንቦት ተመረቑ።

ሰልጠንቲ ካብ 10 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኡ ምዃኖም ዝሓበረ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዑስማን ኣሕመዲን፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ንምምዕባል ብዮዝበሪ ክሰርሑሉ ተላቢዩ።

ሓላፊ ትምህርቲ መማህር እስማዒል ዓሊ ብወገኑ፡ ዝውደብ ስልጠናታት ኣብ ህንጻት ብቑዕ መንእሰይ ዘለዎ ግደ ብቐሊል ከምዘይጥመት ብምጥቃስ፡ ንወደብኡ ኣመስጊኑ።

ወከል ተመረቕቲ፡ መንእሰያት ሞያ ንኽፍጥቁ ሃማመተኤ ንዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ምስ ኣጋር ሓካይም እናተሓጋገዙ ጥዕና ሕብረተሰቦም ክውሕስ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ፕሮጀክትታት መንእሰይ ሰዒድ ኣብባክር ድማ፡ ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ንመንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት ምቕሳም ካብ ዓበይቲ መደባት ማሕበር ከምዝኾኑ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከምዝድፋኣሉ ኣብሪሁ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቓድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ምዕቃብ ኣከባቢ፡ ኣብ ምህብታም ባህሪያዊ ብዙሕነት ልዑል ተራ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ምዕቃብ ኣከባቢ ኣብ ምህብታም ባህሪያዊ ብዙሕነት ብሓፈሻ ኣብ ምስሳን ሃብቲ ገረብን እንስሳን ድማ ብፍላይ ልዑል ተራ ከምዘለዎ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ኣቶ መልኣከ ወልደሚካኤል ገለጸ።

ንኡርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ መልኣከ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ሕዝእቲ ስለእትውንን ብስእኑት መግቢ ዝፈስት ሸግራትን ሕማማትን ከምዝቐለ ብምሕባር፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ፎውሊና ዝርከብ ሰፊሕ ናይ መጋሆጫ መሬት ኣብ'ዚ መዓይ'ዚ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ኣስታት 50 ሽሕ ከብቲን 120 ሽሕ ጤለ-ብጊዕን ከምዘለዋ ዝሓበረ ኣቶ መልኣከ፡ ዘሎ ጸጋታት ንዕኣንን ካብ ካልእ ዞባታት ንዝመጻ ጥሪትን ከምዝኣክል ኣብሪሁ።

መጋሆጫ ፎውሊና ኣስታት 40 ኪሎ-ሜተር ተዘርጊሑ ዝርከብ፣ ብኣግራብ ዝተሸፈነን እኹል ሳዕርን ማይን ስለዝርከቦ፡ ኣብ ምህብታም ብዙሕነት ሃብቲ ገረብን ጥሪትን እወታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ'ውን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ፎውሊና ወ/ሮ ዛይድ በራኺ ብወገኖ፡ እቲ ምምሕዳር ከባቢ ምስ ዘለዎ ባህርያዊ ምንጪታት ማይ ንሕርሻን መጓሰን ምቹእ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽን ንምዕቃቡን ብወህደት ክሰርሑ ኣተሓሳሲባ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ከተማ መንደፈራ |
| 10:00 | ድራማ |
| 10:15 | ጽንበል ናጽነት፡ዓሰብ ዓዲ ኻሉ፡ ደቡብ ደንካልያ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጽንበል ካብ ንኡሳ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መራትን ኣከባቢን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዓሰብ - ብዛዕባ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ሰሚናር ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽ ዝዓለመ፡ ኣብ ኣገዳስነትን ብድሆታትን ሰብ ሰርሖ-ብልሒ (AI) ዘተኮረ ሰሚናር፡ ብ2 ሰነ ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ካብ ጀርመን ዝመጸ ክኢላ ድጂታዊ ግራፊክስ ኣቶ ዞርያስ ቴድሮስ፡ ሰብ-ሰርሖ ብልሒን ማሕበራዊ መራኸቢታትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ መጻኢ ክበጽሖ ዝኽእል ምዕባለ ብኣብነታት ዝተሰነየ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ቀንጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካውን ድሕነታውን ፋይዳን ሳዕቤናትን ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዘርዚሩ።

መንእሰያት ብፍላይ እቶም ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣብ ደሓን ደረጃ ዝርከቡ፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ብንቕሓት ክጥቀሙን ንመስርሕኦም ኩነ መዝኑኦም ብእወታ ክጸልወን ዘኽእል ኣቶ ዞርያስ፡ መንእሰያት ምስ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝሳለዩ ባይታ ክፍጠር ተላበዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ክካየድ ተላበዮም።



# ጦብላሕታዊ ንባብ፡ መደረ ክቡር ፕረዚደንት ብመንጽር ፍልስፍና፡ ራእይን ፕሮግራማትን ኤርትራ

ሰረቕ ክፋል
(2ይን መወዳእታን ክፋል)

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ መጻኢ ኩነታት ዓለም ብፍላይ ድማ "ኣመሪካ ዳግም ዓባይ ንምግባር" (ኣዳግም ወይ MAGA) ዘሎ ሓሳብ፡ ብመንጽር ቀጠባ፡ ተክኖሎጂ፡ ወተሃደራውን ክሊ-ጾልዋን እንታይ ከምዝመስል ዝዘኮ ሓጺርን ንጹርን ኣመት ድሕሪ ምሃብ፡ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ግምት ብምእታው ግሉጣዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያላን ብዕቱብ ምክትታል ኣገዳስነቱ ገሊጹ ነይሩ። መቐጸልታኡ ይስዕብ፡

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መደረኡ፡ "ኪኖ ባሉናት፡ ካብ ናይዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣቓልቦ ዝስሕብ ጉዳያት፡ ናይ ሽግዘወላን ኣራንን ኣቡት ምርኣይ ሕማቕ ኣይኮነን።" ብምባል፡ ኣእምሮ ከሰላስሎ ዘለዎ ብዙሕ ሕቶታት እዩ ኣልዒሉ። እቲ ስሕታንቅማረ ዝደፍአ ስትራተጂያዊ ጌጋታት ድማ ምስ ርዱእ ሓደጋታቱ ደው ክብል ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ዓለምን መጻኢ ኣመዑን ሓፈሻዊ ሙብርሂ ድሕሪ ምንጻፍ፣ ዝ. ጉዳይ ብቐጥታ ምስ ኤርትራ ንምትሕሓዝ፡ "እንታይ ናጻ ኣማራጺ ክሕሰብ ይከኣል፧ " ዝብል ሕቶ እዩ ኣልዒሉ።

ከምዝፍለጥ ኤርትራ ከም ካልኦት ሃገራት ተንበርኪኺ ተባዚላ ዘይትኸርመ፣ ተዘርግሐ ተባዚላ ዘይተስፋሕፍሐ፣ ናጻ ሃገር እያ። ከም ቀደምና ቡቲ ናጻ ሓሳብናን ከደትናን ክንቕጽል፡ ዘሎ ኣማራጺታት ክሕሰቡ ከም ዝኮኑ ድማ እዩ ኣዚሩ። ምስ ታሪኻዊ ናጻ ሕርያ ኤርትራ ብዘቃዶ ድማ "ኣብ መሰረታውያን ክብርታት ዝተኻደቀ ሓሳብን ስትራተጂን ቀዋሚ ምሕሳሳብ መተካእታ የብሉን።" ክብል ኣሰሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዛዕባ ኣብ ዓለምና ክሰፍን ዝኮኖ ኣህጉራዊ ስርዓት እውን ንጹርን ዘኖሳሙን ሓሳብ እዩ ኣቕሪቡ። "ኣብቲ ህዝብታት ዝሳተፉሉ ብሉይ ኣህጉራዊ ስርዓት ምውጻእ ግደትንምባር ሕርያ ኣይኮነን. . . ሓራ ዕዳጋታትን ንግዲን ዘይብሉ፣ ርትዓዊ ምምቕራሕ ሃብቲን እቶትን ዘይብሉ፣ ናይ ሓረጣን ገምሪን ዝምታን ዓሎቑን፣ ፊናንሳዊ ትካላት ዘማሕደሮ፡ ብኸሰራ ዝረብሕ ዝምታ "ባዱ-ድምር"፣ መቐጸልታ ባርነትን መግዛእትን ዘኾነ ብሉይ ስርዓት ክእለ ኣለዎ።" ድማ ኢሉ።

እዚ ሓሳብ'ዚ መብዛሕትኦን ሃገራት ዓለምን ምሉእ ህዝቢ ዓለምናን ይሰማምዑሉ እዮም። እንተላይ እተን ቡቲ ዝበረ ስርዓት ተረባሕቲ ዝበራ ሃገራት ምዕራብ ክይተረፋ ምምዕራይ ክየበር ከምዝለዎ ይዛረባ እየን። እንታይ ዓይነት ለውጢ ወይ ምምዕራይ ግን ቀሊል መልሲ ኣይጸንሖን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝ. ኣመልኪቱ፡ "ሓድሽ ናይ ርትዓውን ፍትሓውን ኣህጉራዊ ስርዓት ምምጻእ ዘይውዝፍ ተልእኾ ደቂሰበ'ዩ። ዘለናዮ መዋእል፡ ካብ ዝጸንሐ ብሉይ ኣህጉራዊ ስርዓት ናብ ሓድሽ ኣህጉራዊ ስርዓት መሰጋገሪ ስለዝኾነ፡ ሓድሽ ምህዞኳ እንተዝይብሉ፡ ከም መቐጸልታ ክብረታት (values) ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመዘኻኸሪ ኣብ መበል 80 ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ዘቐረብናዮ ክሰፍሕን ክህብትምን ዘኽእል፡ ንመርሓ-ጉድና ዝሕግዝ ሓሳብ፡ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። . . . ደቂሰብ፡ ቀጠባዊ ጸጋታቶምን ምህርቲ ስርሖምን፡ ብርትዓዊ ወፈናም፡ ሃብቲ እናኻዕበቱ፡ ኣብ ዘለዎ ናይ ወለዶታት ዕቤትን ራህዋን ክጉዕዙ፣ ራህዋን ዕቤትን ንምውሓስ፡ ሰላምን ርግኣትን ምንጋስ፣ ሰላምን ርግኣትን ንምንጋስ፡ ርትዓን ፍትሓን ምርግጋጽ፣ ዝሰፍሐ ዞባውን ኣህጉራውን ሰላምን ምርግጋእን ሓባራዊ ዕቤትን ንምድራዕ ከኣ፡ ሓድሕድ ምክብባርን ምምልላእን ጥምረትን ምፍጣር፣ ኣዮም መበኣታውያን መትከላት ሃንቀውታ ደቂሰብ ዝኣዘዘ ሕጋዊ ፈጻሚን ቅርጺን ኣሊያን (መሳፍዝም) ምትካል።" ንጹር ሓሳቡ ኣቕሪቡ።

ግደ ኣፍሪቃ ኣብዚ ኣብቲ ክመጽእ ዝድለ ለውጢ ብዝምልከት እውን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ከምዚ ክብል ገሊጹ፥

"ምእላይ ዝበለየ ስርዓትን ምውዳድ ሓድሽ ስርዓትን ንደቂሰብ ብሰፊሕ ዝምልከት ይኹን'ምበር፡ ካብኡ ናብኡ፥ ንነ ኣብ ፍልማዊ ቀጠባ ዕንጋሎ ዝኡበር ዘሎ ዝተዋሰኡ ቀዳማይ ግዳይ "ባዱ-ድምር" ዝኾነ ህዝብታት ኣፍሪቃ ይምልከት። ስለዚ ከኣ'ዩ ኣፍሪቃን ዝተፈላለየ ክፍለዞባታቱን ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰፊሕ ዓለማዊ መድረኽ፡ ናቱ ተመላላኢ ስትራተጂ ኑዲፋን ወጥናት ኣርቂቑን ክቃለስ ዘለዎ። ካብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ናብ ሓድነት ኣፍሪቃ (AU) ዝተሰጋገረሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እዚ'ዩ ነይሩ። ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ማዕረ'ቲ እዋን ዝሓለፎ ተልእኾ እንተዘይደያቡ፡ ተቐማድነት ኣይክህልዎን'ዩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ ዝህልወና መኸተ ምሕዛዝት ክሎጥፍን ክሕይልን ዝኮኖ።"

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ጉዳያና ኣተኩሩ እውን ሓጺር፡ ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ መልእኽቲ'ዩ ኣመሓላሊፉ። "ዓለማዊ ተኣፋፍነት ናይቲ ጉደቡ ምስዚ ሕጂ ኣብ ሆርሙዝ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው፡ ዝያዳ ጉሊሑ ስለዘሎ፡ ክንክተሎ ዝጸናሕና፡ ናይ ዝኾነ ዓለማዊ ይኹን "ዞባዊ ሓይሊ'ዩ" ዝብሉ ወገናት ጣልቃ/ምትእትታው ዘይብሉ፣ ብውዕል ሃገራት ናይ'ቲ ጉደቦ ዝቖመ ናይ ሓባራዊ ድሕነት (collective security) ኣሊያ/መሳፍዝም እንተዘይኪውዩኑ፡ ዝኾነ ካልእ መተካእታ "ዝራያት" ከምዘየዋጽእ ዳግም ተሓጺሩ'ሎ። ብዕቱብ ክጸዓረሉ ከኣ እዋኑ'ዩ።

ከምዝፍለጥ እቲ ዝውሓ ኣሰታት 1,150 ኪሎሜተር ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ዳህላክ ሓዊሱ 1,235 ኪሜ ኣብ ኤርትራ እዩ ዝርከብ። 45% ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ እዩ። ኣብ ባሕርን፡ ትሕቲ ባሕርን ክህሉ ዝኽእል ቁጠባዊ ጸጋታት ኤርትራ ንኻልእ እዋን ኣሲጊርና፤ ዳርጋ ፍርቂ ምዕራባዊ ክፋል ቀይሕ ባሕሪ - ናይ ዓለምና ኣዝዩ ተኣፋፊ መሰጋገሪ - ምውናን ልዑል ሓላፍነትን ጥንቃቐን ይሓትት። ስለዝኾነ እዩ ከኣ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ "ናይ ዝኾነ ዓለማዊ ይኹን "ዞባዊ ሓይሊ'ዩ" ዝብሉ ወገናት ጣልቃ/ምትእትታው ዘይብሉ፣ ብውዕል ሃገራት ናይ'ቲ ጉደቦ ዝቖመ ናይ ሓባራዊ ድሕነት (collective security) ኣሊያ/መሳፍዝም እንተዘይኪውዩኑ፡ ዝኾነ ካልእ መተካእታ "ዝራያት" ከምዘየዋጽእ ዳግም ተሓጺሩ'ሎ።" ክብል ዘስመረሉ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ከምዝጠቐስናዮ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ "ሃገራዊ ወይ ዘቤታዊ ኩነታትናን ምዕባለኡን፡ ካብ'ቲ ባዕልናን ህዝቢ ዓለምን ሃንቀው ንብሎ፡ ርትዓዊ ኣህጉራዊ ስርዓትን፡ ዞባዊ ናይ ምክብባርን ርግኣትን ምትሕግጋዝን ራህዋን ጥምረትን ሽርክነትን ተሓጺሉ ስለዘይርኡ፡ ዓለማውን ዞባውን መቓኑ ብወድዓዊ መወከሲታትን ተቐማድነትን ክንፈልጦን ክንርድኦን ግቡእ ዕማም'ዩ።" ብምባል እዩ መደረኡ ዝጀመረ።

ዝ. ድሕሪ ምብራህ ከኣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ዘቤታዊ ብምስጋር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ንልምዓታዊ መኸተና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራትን ጽላታትን፡ እንተላይ ቀዳምነታት ኣመልኪቱ ዝዘኮ ኣመት ድሕሪ ምዝኽኻር፥

"እቲ ኣምር፡ ሓደሽ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ብቐንዱ ናይ ህዝቢና መሓብር፡ ብቐዳምነት ናይ ዝተዋሰአ ኮበታት፣ ብየብን ንሓዋሩን ግን፡ ካብ ቀጠባ ዕንጋሎ ዘኾግለና፡ ኣፍራይነትና ዘሐይልን፡ ምህርትና ብዘላቕነት ዘኻዕብትን፡ ናብ ብሉጽ ምምስራሕን ድለባክበርን ምስናዕን ኢንዱስትርያውነትን፣ ብሉጽ ኣገልግሎትን ዘሰጋግር" መደብት ወጺኡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ። እቲ መደብት ኣብ ቀጠባ ከይተሓጽረ ዲፕሎማሲያውን ሓበሬታውን ግንባራት'ውን ከምዝጠቓልል ኣብሪሁ። "ማለት ቴክኖሎጂን'ውን ምስ ዝኽሰት ዘሎ ዕድላት ገፊሕን ዘላቕን ሽርክነት፡ ኣቃሊልና ዘይንርእዮ ዕማም'ዩ። ብተደጋጋሚ ከምዝገለጽ ግን ወሳኒ ሓይሊ፡ ሰፊሕ ተሳታፍነት ህዝቢን ብዙሒን ዓይነትን ሞያውያንን ክኢላታትን መንእሰያት ምስ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ሓርበኛታት ዜጋታትና ኣወሃሂድካ፡ ሲነርጂን ዘላቕነትን ምርግጋጽ'ዩ።" ክብል ድማ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነቲ ኣብ መእተዊ ብሰፊሕ ዝገለጾ ኩነታት ዓለምን ጉደብናን ዘስዕቦ ብድሆታትን ዕድላትን ብኸመይ ንገጥሞ ወይ ኣብ ረብሓና ንቕይሮ ምስ ዲፕሎማሲያዊ ሓበሬታውን ተክኖሎጂያውን ልዕሊ ኩሉ ከኣ ምስ ወሳኒ ተራ ሓይሊ ሰብ ብሓጺሩን ንጹሩን ቃላት ድሕሪ ምንጻር፥ ቡቲ ንበህን ናህሪ ክንገስግስ ግን፡ ፕሮግራማትና/ወጥናትና ዳግም ምኽላስን ምጽፋፍን ምጉሳስ ጸጋታት ከለዉ ስለዘሎና፡ ኣብ ዓመት 2026 ሰጦ ምባል ኣይክሰኣንን'ዩ።" ክብል ገሊጹ።

ኣብዚ ናይ መጨረሻ ክፋል መደረኡ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብዚ ዝመጽእ ኣዋርሕ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ብሰፊሑ ዝቕጽል ፕሮጀክትታት፡ (ድሮ ዝቶደድ ዘሎ ፕሮጀክትታት እዩ) እዩ ዘርዚሩ።

- ናይ ጽርግያታትን መጉዓዝያን ፕሮጀክትታትና፡ ብኸፍሚቲ ዝተኻደፍ ክየብ'ዩ።
- ናይ መዝበሪ ኣብይቲ ሰፊሕ መደብት'ውን ማዕረ-ማዕሪኡ ክድረኽ'ዩ።
- ናይ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎት ምስፋሕ ፕሮጀክትታት፡ ምድንጓይ ቀሪብ እንተዘይኪውዩኑ፡ መብጋሲ ኣብዚ ዓመት ኪዝርጋሕ'ዩ።
- ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡

* ቀዳምነት ትምህርቲ፡ ብሰፊሕ ህዝባዊ ደገፍ፣ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝበገሱ ፕሮግራማት ቀዳማይ ድርኺት ኪግበረሎም፡ ዓቢ ትጽቢት ኣሎ።

* ምስፋሕ ዓይነታዊ ኣገልግሎታት ጥዕና'ውን ዓቢ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ'ዩ።

እዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሕልፍ-ሕልፍ ዝበሎ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት፡ ብዙሕ ክዝረበሉ ምተኻእለ ነይሩ። ባህሊ መንግስቲ ኤርትራ ግን ከምኡ ኣይኮነን፤ ተግባር ልዕሊ ዋዕዋዕታ ድምጺ ስለዘለዎ። ኣብ መጨረሽታ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ፡ "ወፋይን ጻዕረኛን ህዝቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ተባዕን ጽኑዕን ተጻማሚን ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መኸተ ህንጸት ሃገር ኩሉ ዘይፍለ ሓይልታት ምክልኻል ከም ዲናሞ ሕመረትን ድርዒ ጠረፍን ስለዝኾነ፡ ሓበን ይልበስ! መሰናኽላት እንተለዉ'ውን ስክፍታ የለን! ቅሰኑ!" ክብል እዩ መልእኽቱ ደምዲሙ።

# ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ብያታዊ መሳርሒታት ሙዚቃ ዝሰልጠኑ ተመረቑ

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ንኣሰታት ክልተ ኣዋርሕ ብያታዊ መሳርሒታት ሙዚቃ ዝሰልጠኑ፡ 12 ሰባት ኣመረቐ።

እቲ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ጽዑቕ ስልጠና፡ ክራር፡ በይዘክራር፡ ደረብኩ፡ ፊምቡራ፡ ሻምብቆን ባህላዊ ከበሮታትን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

እቲ ስልጠና ዝሃበ መምህር ሙዚቃ ኣቶ መሓመድ ሳልሕ፡ ተመሃሮ ዝርኣይዎ ልዑል ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ኣድማዕነት ናይ'ቲ ስልጠና ዓቢ ተራ ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ብ23 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኻየደ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ዘቕረብዎ ምርኢት፡ ምስክር ብቕዓቶም ከምዝኾነ ገሊጹ።



ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ሃዋ መሓመድ ብወገኣ፡ እቲ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ስልጠና፡ ኣብ ምውርራስ ባህሊ ዘለዎ ግደ ብቐሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ብጉዳዊ ስራሕ ከምዕብልዎ ተላብዮ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ሰልጠንቲ ብዝቐሰምዎ ሞያ ንሕብረተሰቦም ብዝለዓለ ከምዘገልግሉ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

# ፍረ ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሕርሻን መግብን

## ድሕነት መግቢ - ናይ ኩሉ ሓላፍነት!

"ድሕነት መግቢ፡ ናይ ኩሉ ሓላፍነት'ዩ" ክብሃል ከሎ፡ ኣብ ሰንሰለት መግቢ ዝሳተፉ ኣካላት ብዙሓት ስለ ዝኾኑ እዮም። ንኣብነት፡ ዝምልከቶም መንግስታውያን ትካላት፡ ኣፍረይቲ ኣካላት፡ ኣጓዓዝቲ፡ ኣመስራሕቲ ትካላት መግቢ፡ ኣህለኽቲ መግቢ.... እናተናበቡ ብሓባር ብምስራሕን ኣብ ስነ-ፍልጠት እተመርኰሰ ሓበሬታ ብምልውዋጥን፡ ንመግቢ-ወለድ ሕማማት ብቐሊሉ ንምውጋድ ክተሓጋገዙን ክዕወቱን ይኽእሉ እዮም። ኩነታት መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ብሰንኪ ዓለምለኻዊ ለውጢ ክሊማ ቀጻሊ ስለ ዝቀያየር፡ ኣብ ስነ-ፍልጠት እተመርኰሰ እዋናዊ ሓበሬታ ብምእካብ፡ ቅኑዕ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ። ስርዓት-ቁጽጽር ድሕነት መግቢ ብተናጸል ክረጋገጽ ስለ ዘይክእል፡ ጽላታት ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ንግዲ፡ ትምህርትን ኣከባቢን ብውሁድ ኣገባብ ክሰርሑ ይግባእ። ምምካት ብድሆታት ድሕነት መግቢ፡ ውጽኢቱ ዓብይን ቅልጡፍን ዝኸውን፡ ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ሓበሬታ ተመርኲስካ ንጹርን ተግባራውን ስልታዊ መደባት ብምትግባር እዩ።

መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዘኸትልዎ ናይ ሕማምን ሞትን ሓደጋታት፡ ኣብ ወጻኢታት ሕክምናን ምብኳር ስራሕን፡ ንዕዳጋታት ብምብልሻውን ንግዲ ብምግታእን፡ ንሃገራት ናይ ቢልዮናት ክሳራ የኸትሉ።

ሓቅታትን ሓበሬታን ድሕነት መግቢ

ኣብ ድሕነት መግቢ "ንኹሉ ዝሰማማዕ ሓደ ዓይነት ፍታሕ" ስለ ዘየሎ፡ ከከም ኩነታቱ ኣብ ስርዓት ሰንሰለት መግቢ፡ ብደረጃ ዕድመ (ሕጻናትን ኣረጋውያንን)፡ ጾታን እተፈላለዩ ስልታዊ ስጉምቲታት ምውሳድ የድሊ። ብዙሓት መግቢ ወለድ-ሕማማት፡ ብምሕጻብ፡ ብምምካን፡ ብምብሳልን ብውሑስ ኣተሓሕዛ መግብን ክውገዱ ይከኣል'ዩ።



ብመግቢ ወለድ ሕማማት ዝመሓላለፉ፡ ገሊኦም ብኡንብኡ የሕምሙ፡ ገሊኦም ድማ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ሕማም ልቢ፡ መንሽሮን ናይ ኣእምሮ ሕማምን ዝኣመሰሉ የስዕቡ። ብፍላይ ክሊማዊ ለውጢ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታት ኮይኑ፡ ሓደገኛታት ባክተርያ፡ ቫይረሳት፡ መርዛማት ነገራት (toxins) ኣብ መግቢ፡ ኣብ ሓመድን ማይን ንኽሰፍሑ ዝገብር ረቛሒ እዩ። 'ኮዴክስ ኣሊመንታሪዩስ' (Codex Alimentarius) እተፈላለዩ ደረጃታትን መምርሒታትን ብምድላው፡ ዓለምለኻውን ኣህጉራውን ንግዲ ውሑስ መግቢ ክም ዝህሉ ይሕግዝ።

ወትሩ ብኣጋጣሚ 7 ሰነ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት መግቢ፡ ንሓባራዊ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ዝቐርብ ጸውዒት ኣሎ። ፈለማ፡ መንግስታውያን ትካላት፡ ሓደጋታት ድሕነት መግቢ ብምልላይን ምክልኻልን፡ ድሕነት መግቢ ቀጻምነት ክም ዝወሃቦ ኣብ ምግባር መሪሕ ተራ ክጻወታ ይግባእ፣ ከምኡ'ውን ዳህሳስን ምክትታልን መግቢ ወለድ ሕማማት ብምግባር፡ ሓበሬታ ምእካብን ኣብ ስነ ፍልጠት እተመርኰሰ ስጉምቲ ምውሳድን የድልየን። ብሓፈሻ፡ ኣብ ድሕነት መግቢ ዝነጥፉ ኩሎም ኣካላት፡ ርክባቶም ብምሕያል፡ ሃገራዊ ስርዓት ቁጽጽር ድሕነት መግቢ ክም ዝሕይል ክገብሩ ሓጊዝ እዩ።



ተራ ትካላትን ውልቀ ሰባትን

መጻናዕቲ ብዛዕባ መግቢ-ወለድ ሕማማት ብምሕያልን ምስፋሕን፡ ኣብ ስነ-ፍልጠት እተመርኰሰ ሓበሬታ ብምቕራብ ኣብ ምሕያል ስርዓት ቁጽጽር ድሕነት መግቢ ዓቢ ተራኦም ክጻወቱ ይግባእ። ከምኡ'ውን ኣብ ምዕባይ መሃዝነት ዘበናውን ምዕቡልን ተክኖሎጂ፡ ኣብ ድሕነት መግቢ፡ ኣገባባት መርመራ፡ ምሕደራ ብድሆታትን ዝያዳ ክነጥፉ ይግባእ። እዘን ትካላት እዚኣተን፡ ንሰራሕተኛታት ብዛዕባ ድሕነት መግቢ ስልጠና ክህባ፡ ንብድሆታትን ሓደጋታትን መግቢ ክሕብራ፡ ቅኑዕ ኣገባብ ንጥፈታት ጽሬትን ምምስራሕ መግብን ዝኣመሰሉ ሳይንሳዊ ኣገባባት ምጥቃም የድልየን።

ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ክኢላታት ሕርሻ፡ ናይ ምርመራን ሕክምናን ዓቕሚ ብምዕባይ ዝያዳ ዝጥቀሙ ከባቢታት ምልላይን ምስ እተፈላለዩ ጸላታት ብምትሕብባር፡ ውሁድ ምክትታል ሕማማት ምሕያል'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ኣህለኽቲ መግቢ ብግደኦም፡ ኑቶም ሓሙሽተ ቀንዲ ረቛሒታት ውሑስ መግቢ (ጽሬት ምሕላው፡ ጥረን ዝበሰለን መግቢ ምፍላይ፡ ብግቡእ ምብሳል፡ ንመግቢ ኣብ ግቡእ ምቹት ምዕቃብ፡ ጽሩይ ማይን ውሑስ ጥረ ነገራትን ምጥቃም) ክተግብሩን ካብ እሙናት ምንጭታት ውሑስ መግቢ ክዕድጉን ይግባእ። ዘይውሑስ መግቢ ክጋጥሞም እንከሎ ድማ ንዝምልከቶ ኣካል ምሕባር።

ዓወት ርእሶም
ክ/ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን
ሚ/ሪ ሕርሻ

***

## ግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት እንስሳ፡

### ንውሑስ መግብን ንውሑስ ጥዕናን!

• ሓኪም እንስሳ፡- መድሃኒት ክእዝዝ ዘሎዎ ብሕክምናዊ ምኽንያት ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ሕማም ንምክልኻል ተባሂሉ ብዘይ ምልክት ሕማም፡ ጸረ-ታህዋስያን ካብ ምሃብ ምቑጣብ። መትከልና "ቅኑዕ መድሃኒት ብቕኑዕ ዓቐን፡ ንውሑስ ስጋን ጸባን" ክኸውን ኣሎዎ። ብተወሳኺ፡ ሓኪም እንስሳ ንሓረስታይ ብዛዕባ ኣወሃህባ መድሃኒትን ግዜ መሰርሒ ምውጻእ መድሃኒትን (withdrawal period) ክምህር ሞያዊ ሓላፍነት ኣለዎ።

• ኣርባሒ እንስሳ/ ሓረስታይ፡- መድሃኒታት ብመእዘዚ መድሃኒት (prescription) ጥራይ ካብ ሕጋዊ ፍቓድ ዘሎዎም ፋርማሲታት ክዕደግ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ሓደ መድሃኒት እንስሳ ዝዋቀም ሓረስታይ፡ መዝገብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ክህሉዎ ይግባእ። እዚ መዝገብ፡ እቲ መድሃኒት መዓስ ተዋሂቡ፣ መዓስ ተዛዚሙ፣ ኣየናይ እንስሳ ተሓኪሙ፣ መዓስ ግዜ መሰርሒ ምውጻእ መድሃኒት (withdrawal period) ዝውድእ፡ ዝብሉ ነጥብታት ንምምዝጋብ ይሕግዝ። ብቐንዱ ግና ጽሬት ጥሪት፡ ጽሬት ኣከባቢ፣ ክታብትን ውሑስ መግቢ እንስሳ ብምጥቃም፡ ሕማም ከይመጽእ ብምክልኻል፡ ተጠቃምነት መድሃኒት ምጉዳል ይከኣል እዩ።

• ፋርማሲ እንስሳ/ ኣቕራቢ መድሃኒት እንስሳ፡- ኣብ 'ሃገራዊ ዝርዝር መድሃኒት እንስሳ' ዘለዉ መድሃኒታት ብመሰረት መእዘዚ ሓኪም እንስሳ ጥራይ መድሃኒት ክህብ ይግባእ። ስርዓት-ምዝሓል (Cold Chain) ናይ መድሃኒታት ምሕላውን ግዜኡ ዝሓለፈ መድሃኒት ዘይምሻጥን።

• ተጠቃሚ/ ህዝቢ፡- ፍርያት እንስሳ ካብ ውሑስን ሕጋውን ቦታ ጥራይ ምዕዳግ፡ ጥዕናዊ ጸገም ምስ ዘጋጥም ድማ ንዝምልከቶ ኣካል ብቕልጡፍ ምሕባር።

## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

ብኣስመረት ዳምር

### ፓስታ ምስ ጸባ

**ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- ፓስታ - 1250 ግራም
- ጸባ - ፍርቂ ሊትሮ
- ሓርጭ ዕፉን - 100 ግራም
- ሽጉርቲ - 200 ግራም
- ጃንጅብል - 100 ግራም
- ጻዕዳ ሽጉርቲ - 100 ግራም
- ዘይቲ - 4 ማንካ ጣውላ
- እንተ ኣድልዩ ፎርማጆ - 200 ግራም
- ውሑድ ስምስምን ፕርሰሜሎን

**ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ**

መጀመርታ፡ ፓስታ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ኣእቲና ክሳብ ዓይነት ዘድልዮ ግዜ ርኢና ምስ በሰለ ነውርዶ። ማዩ ዘቐቕና ነዳልዎ። ቀጺልና፡ ሽጉርቲ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ጃንጅብል ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ድስቲ ንሽክትፎ። ቁሩብ ፍኹስ ምስ በለ ብዘይቲ ነወሃህዶ። ጽቡቕ ገደፋ ሽቶኡ ሃገግ ምስ በለ፡ ማይ ወሲኽና ነፍልሖ፡ ምስ ፈልሐ ነቲ ሽጉርቲ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ጃንጅብል ዘቐቕና ነውጽኦ። ቀጺልና፡ ሓርጭ ዕፉን ብጸባ በጽቢጽና ንእትወሎ፣ ኩሉ ተሓዋዊሱ ይበስል። ምስ በሰለ ብሓፈሱ ኣብ ልዕሊኡ ዝበሰለ ፓስታ ኣፍሲስና ብላዕሊ እንተደሊና ፎርማጆ ነስኒስና፡ ብፕርሰሜሎን ስምስምን ኣመላኺዕና ንቐርቦ። እዚ ንሽዱሽተ ሰባት ክምገብልና ይኽእል።



## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኹሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም　ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት- ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ

ሃማመተኤ

# ማእከል ምህዞን ዋኒንን ሃማመተኤ መሰሰኒ መሃዝትን ሰናዕትን



መንእሰይ ሚናስ ለኣከ

## ቃለመሕትት

ኣሮን ተስፋኣለም

ብዝተፈላለየ ዓውድታት ምህዞን ሰንዓን ዝሰልጠኑ ተመሃሮ፡ 20 ግንቦት 2026 ስነ ስርዓት መመረቕታ ተገይሩሎም። ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ጀሚሩ ንኽልተ መዓልታት ዝቐጸለ፡ ኣብ ቀጽሪ ማእከል ምህዞን ዋኒንን (ናይ ቀደም ጁንየር ክለብ)፡ ምርኢትን ውድድርን ምህዞን ሰንዓን እውን ቀሪቡ ነይሩ። ክልተኡ እዚ መደብ ብሃማመተኤ ተወዲቡ'ዩ ኣብዚ ቀጽሪ ዝተሰላሰለ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ንሓደ ካብ ወደብትን ሓለፍትን ናይቲ መደብ፡ መንእሰይ ሚናስ ለኣከ ረኺብ ኣዘራሪበዮ ነይረ። ጽማቝ ትሕዝቶኡ ቀጺሉ ይስዕብ፧

** ብዛዕባ እዚ ዘካየድኩሞ መደብ መላለዪ ክትህበና፧*

ንምህዞን ሰንዓን ብዝሕግዙ ዓውድታት ትምህርቲ ክሰልጥኖም ዝጸናሕና ተመሃሮ ኣመሪቕና ኣለና። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ክካየድ ዝጸንሐ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ናይ መዛዘሚ ጽምብል ኢና ኣካይድና። እቲ ኣብ ቀጽሪ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ሃማመተኤ ክካየድ ዝቐነየ ምርኢት እውን ኣካል ናቱ እዩ። ተወዳደርቲ ንትሕዝቶኦም ኣብዚ ምርኢት የቕርብዎ። ደሃይ ድማ ነቲ ዝቐረበ ምህዞን ሰንዓን ርእዮም፡ በቲ ናታቶም መዐቀኒታት ገምጊሞም ይድርጁዎ።

*ደሃይ ዘቕርብዎ መዐቀኒታት እንታይ እዩ፧*

ብዝያዳኡ እቶም ደሃይ እንድዮም ዝገልጹዎ፣ ብመሰረቱ ግን እቲ ቀንዲ መምዘኒ፡ 'እዚ ዝቐረበ ስራሕ ጸገም ናይ ሕብረተሰብ ክፈትሕ ይኽእልዶ፧' ዝብል እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ብተወዳደርቲ ዝቐረበ ስራሕ፡ ነ'የናይ ሽግር ሕብረተሰብና እዩ መፍትሒ ክምጽኣሉ ይርአ። ቀጺሉ ድማ ብዝሓሰረ ዋጋ ይዕደግዶ፧ እቲ ተጠቀምሉ ዘሎ መሳርሒታት ይኹን ዋረ ነገራትካ ብቐሊል ክርከብ ይኽእልዶ፧ ወይ ብዝዓበየ ዓቕን ኣብ ባይታ ክስራሕ ዝኽእል ተግባራዊ ድዩ፧ መበቈላውነቱ ከመይ'ዩ፧ ወዘተ ዘጠቓለለ እዩ እቲ መምዘኒ ረቛሒታት።

*እቲ ውድድር ንፈለማ ግዜ ድዩ ዝካየድ ዘሎ፧*

ውድድር ምህዞን ሰንዓን 2024 እዩ ጀሚሩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣጋጣሚታት ኣጸቢብካ ጥራይ'ዩ ዝካየድ ነይሩ። ማለት፡ ኣብ ቀነ ተመሃሮን ካልእ ፈስቲቫላትን ኣቀራቒርካ እዩ ዝካየድ ነይሩ። ሕጂ ግን ብስርዓት ማእከል ምህዞን ዋኒንን ዝብል ኣሃዱ ቆይሙ፡ ስትራተጂ ስራሕ ሓንጺጽና ክንሰርሓሉ ጀሚርና ጸኒሕና ኣለና። እዚ ብ20 ግንቦት ዝተዛዘመ እምበኣር ሳልሳይ ዙርያ ኮይኑ፡ 58 ብመንእሰያት ተመሃሮ፡ 25 ድማ ብዓበይቲ ዝተዳለወ ምህዞን ሰንዓን ንውድድር ከም ዝቐረበ ተገይሩ።

*እቶም ኣብዚ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ዝተወዳደሩ ካብ ዞባ ማእከል ዝመጹኡ ጥራይ ድዮም፧*

ኣብዚ ናይዚ ዓመት ውድድር ካብ ዞባ ዓንሰባ፡ ደቡብ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ኮለጃትን ዝመጹኡ ተወዳደርቲ እዮም ተሳቲፎም።

*ዕላማ እዚ ውድድራት ብኸመይ ምገለጽካዮ፧*

ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ፡ እዚ ውድድር መቐጸልታ ናይቲ ማሕበር ክካይዶ ዝጸንሐ ንዕብየት መንእሰያት ዝድርኽ መደባት እዩ። ኣብ መንእሰያት ባህሊ ሓሳባዊ ምርምርን ፈጠራን ከምኡ'ውን ባህሊ ምህዞን ሰንዓን ንምምዕባል፣ ንዝገራዊ ጸገማት ዝፈትሑ ሓደስቲ ሓሳባት ንምእካብን፣ ተወዳደርቲ፡ ሓሳባቶም ናብ ተግባር ንምቕያር ዘኽእሉ ተኽኢሎውን ዋኒናውን ምኽሪ ዝወሃበሉ ባይታ ንምፍጣርን ዝዓለመ እዩ።

*ምህዞን ሰንዓን ብውድድራት ምስራዕ ጥራይ ድዩ ዝዓቢ፧*

ውድድራት ምስራዕ ሓደ ዘይንዓቕ ተራ ዝጻወት ኣገባብ እንድዩ፡ ምዕባይ ምህዞን ሰንዓን ግን ኪንዮ ውድድራት ዝኸይድ ካልእ ብዙሕ ስራሕ ዝጠልብ ጉዳይ እዩ።

ቅድሚ ኩሉ ክንርደኦ ዘሎና፡ እዚ ኣጋጣሚ ምርኢት ብምግባርን ንዕዉታት ሽልማት ብምዕዳልን ጥራይ ዝዕዖ ኣይኮነን ክኸውን። ገለ ካብቲ ብቕልል ዝበለ ኣገባብ ክትግበር ዝኽእል ስራሓት ዓብዩ፡ ንኣገልግሎት ክውዕልን ናብ ዕዳጋ ክወርድን ምእንቲ፡ ምስ ዝምልከቶም ትካላትን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ከም ዝተኣሳሰሩ ክግበር እዩ።

ካልኣይ፡ ካብ ምህዞን ሰንዓን ተነጺሉ ዘይርአ ምምንጫው ፈጠራዊ ሓሳብ ዝበሃል ነገር ኣሎ። በዚ ምኽንያት፡ ማሕበር ብዕቱብ ሒዙ ውድድራት ፈጠራዊ ሓሳብ እናሰርዐ ካብ 2025 ኣትሒዙ ኣብዚ ማእከል ክሰርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ማእከል ምህዞን ዋኒንን ሃማመተኤ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ክሰርዕ ከሎ፡ ሓፈሻዊ ግንዛበ ንምሃብ ዝኣክል፡ ብኽምዚ ዝስዕብ'ዩ ክካየድ፤ ፈለማ ሓሳብ ዘሎዎም ተወዳደርቲ ሓሳቦም ብጽሑፍ የቕርቡ፣ ብምቕጻል፡ ንዝቐረበ ሓሳብ መሪና ቃለ መሕትት ንገብረሎም፣ ብድሕሪ'ዚ ነቲ ዝሓለፈ ፈጠራዊ ሓሳብ ብምኽሪ ህብብትሞን ንክታተሎ። ተግባራውነቱ ርኢና ድማ ውጥን ንግዲ ከም ዘወጽኡ ንገብርን ወለድ ዘይብሉ ለቓሕ ንህብ። ብመሰረቱ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ከም መደብ ርእሱ ዝኽኣለ ካልእ ፕሮጀክት እኳ እንተኾነ ምስ ምህዞን ሰንዓን ተመሳሳሊ ዕላማ እዩ ዘሎዎም። ምኽንያቱ ኩሉ፡ ምህዞን ሰንዓን ይኹን ምምንጫው ፈጠራዊ ሓሳብ፡ "ማሕበረ ቁጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ይፍትሽን ይፈትሕን ከምኡ'ውን ባህሊ መሃዝነት ብምዕባይ ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት እጃም ይህሉዎን።

ከም ተወሳኺ፡ ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ፡ ምህዞን ሰንዕን ንኽዓቢ ድጎማ፡ ናይ ምሕየሻን መሃዝነትን ኢኮሲስተም፡ ከምኡ'ውን ሽርክነት ምስ ዝተፈላለያ ኣካላት መንግስትን ዓለምለኻዊ ትካላትን ከም ዘድልዮ ርዱእ ነገር እዩ። በዚ መሰረት ሃማመተኤ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ትምህርትን ምምሕዳራትን ጽቡቕ ሽርክነት ፈጢሩ ኣሎ።

ማዕረ ማዕረኡ ንምዕባይ ምህዞን ሰንዓን ክሕግዝ ይኽእል እዩ ኢልና እንሓስቦን ዓቢ ትኹረት ገይርናሉ ዘለናን ምሃብ ስልጠና ንግዱሳት መንእሰያት ተመሃሮ እዩ። ንኣብነት እዚ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት መመረቕታ ናይዞም ግዱሳት ዝበልናዮም ተመሃሮ እዩ። ከምኡ እውን እዚ ኣብ ቀጽሪ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ዝቐረበ፡ ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረብ፡ ዘተስፉ ምርኢታት፡ ስራሕ ናይዞም ተመሃሮና እዩ።

*ዝተዋህበ ዓይነትን ብዝሕን ስልጠናታት እንታይ ከም ዝነበረ'ም ከተካፍለና፧*

ማእከል ምህዞን ዋኒንን፥ ኤለትሮኒክስ፡ ስክራች፡ ፓይተን፡ ሮቦቲክስን ሶሊድ ዎርክስን ዝብሃሉ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ክሕግዙ ዝኽእሉ 5 ዓውድታት እዩ ስልጠና ወዲቡ። ኣብዚ ስልጠና ጠቕላላ 102 ተመሃሮ ኣብ ምምራቕ በጺሖም ኣለዉ። ሰልጠንቲ ብግብሪ ዝተሰነየ ትምህርቲ ስለ ዝቐሰሙ፡ ካብቲ ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝሰርሕዎ ዝበለጸ ፕሮጀክትታቶም፡ ንምርኢት ኣቕሪቦም።

እዞም ዝተመረቑ ተመሃሮ ንኽንደይ ዝንውሓቱ ግዜ እዮም ተማሂሮም፧ ነዚ ስራሕ ንኽሰርሑ መቸም ኣብዚ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ንነውሕ ዝበለ እዋን ጸኒሖም ክኾኑ ኣሎዎም።

እዞም ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን ሃማመተኤ ዝተማህሩ ክልተ ጉጅለ እዮም። እቶም ቀዳሞት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝርከቡ ን8 ወርሒ ዝተማህሩ ሓደስቲ ጀመርቲ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ካልኣይ ጉጅለ ድማ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ዝበጽሑ ንኽልተ ዓመት ዝኣክል ኣብዚ ማእከል ዝተማህሩ እዮም።

*ነዞም ተመሃሮ እሞ ብኸመይ ትግምግሞም፧*

ኣዝዮም ንፋዓትን ብዙሕ ዕብየት ዘርእዩ ዘለዉን ተመሃሮ እዮም ዘለዉና። ልዕሊ ማንም ካልእ ግዜ፡ ሕጂ ንዘሎ ሽግር ከለልዩን ብዛዕባ ፍታሕ ክሓስቡን ክኢሎም። መኣስ'ዚ ጥራይ፡ ኣብ ነሓድሕዶም ሓሳባት ክለዋወጡን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምዲ ከማዕብሉን ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ከኣ እቲ መሰረታዊ ነገር እዩ።

ነዞም ተመሃሮ ትገብሩሎም ፍሉይ ኣተሓሕዛ ኣሎ ድዩ፧ ምስኣ ኣልግብ ኣቢልካ ድማ ምስ ስልጠናታት ዝተኣሳሰር ናይ መጻኢ መደባት እንተ ትገልጸልና ጽቡቕ ነይሩ፧

እቲ ፍሉይነት ናይዚ ትምህርቲ ኣብ ግብራውነት ዝጸቅጥ ምዃኑ እዩ። ከም ተወሳኺ እዞም ተመሃሮ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ንኽይደኽሙ ሓገዝ ክንህቦም ንሓስብ ኢና። ካልእ መሰረታዊ ርድኢት ዘትሕዝ ናይ ድሮን ስልጠና ኣብ ቀረባ መጻኢ ከነተኣታቱ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ብሓፈሻ እዚ ኣብ ግራስሩት ዘኩኮረ ስልጠና ምህዞን ሰንዓን ጽቡቕ ተስፋ ተረኺቡዎ ስለ ዘሎ፡ ንነዊሕ ዝጠመተ መደባት ኢና ሰሪዕናሉ ዘለና።

ካልእ፡ ፍሉይ ክእለት ዘሎዎም መንእሰያት፡ ነቲ ዘሎዎም ክእለት ንኸዕብዩን ትምህርታዊ ሓገዝ ንኽረኽቡን ኣብ ቤት ጽሕፈትና (ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ) መጺኦም ይመዝገቡ፣ ምሳና ይራኸቡ።

መሃዝቲ ድማ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ (ናይ ቀደም ጁንየር ክለብ)ን ኣብ ሽዱሽተኣን ዞባታት ዘሎ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤን ብምምጻእ ክውከሱና ይኽእሉ እዮም። ማሕበር እውን ብዓቕሙ ክተሓባበሮምን ምስ ዝተፈላለያ ትካላትን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ከተኣሳስሮምን እዩ።

*ኣብ መወዳእታ ትብሎ'ተሎ፧*

ኣብ መወዳእታ፡ ቀጻልነት መደባት ናይዚ ማእከል ንምውሓስ፡ ኩሉ መዳያዊ ደገፍ ኣካላት መንግስቲን ህዝብን ንኽይፍለየና እየ ዝላቦ።

*እሞ ጽቡቕ ዕድል. . .*

የቐንየልና።






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገበረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ጺጋ የማነ ወልደኽርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ኣስፍሃ ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ቀለታ ኣረጋይ፡ ተጸዋዕቲ ሰለሙን ሃደለ ካሕሳይ፡ ናይ ሞግዚት ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ተጸዋዕቲ ንጹር ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈጠ፡ ን2/7/26 ኣብ 9ይ መጋባእያ ቁ32 ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጡ።

ንግስቲ ወርቀ እልፉ፡ ኣደይ ቅዱሳን ጺጋይ ገደላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 8 ተተኪእቲ ደቀምን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሃብ ገብረኣብ ሰቁር፡ ወከል ለተብርሃን ጓልይ ኣብርሃት ደሳለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወላዲታ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ 10ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ተጸዋዕቲ ብፍ/ብ/ዕዳ ርግበ ኣርኣያ 1.ለምለም ክፍለ 2.ለተሚካኤል ክፍለ 3.ፍረወይኒ ክፍለ 4.ሂወት ክፍለ 5.ክብሮም ክፍለ 6. ተስፋሚካኤል ክፍለ፣ ን15/7/26 ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኑራ ሳልሕ ኪሞ፡ ወደይ ሰለሙን ቃልኣብ ክፍለየሱስ ስለዝዘተሰወአ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ቃልኣብ ክፍለየሱስ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ራኮ ጀዋኒ ተሸዘር፡ ዓየይ ደሰታ ወልደሰላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/26 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

## ን2ይ ግዜ ዝወጽአ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ብ/መሰል ባንክ ኣባይትን ንግድን ብፍ/ብ/ዕዳ ነፋ/ሄር ክፍሎም ዘርኣይን ብዝተፈጥረ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 03/04/2012 ብቁ/መዝ 266/12 ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ዞባ 01 ሎታ 48 ፓርሰል ጂ፣ ዝርከብ 450 ት/ሜ ዝተደኮነ መንበሪ ገዛ 7ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊታት 1 ዓቢ መኻዚኖን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብክኢላ ማጣለሲ ዋጋ ብፍርቂ ጉዱሉ ዋጋ 337.620,95 (ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሸውዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ዕስራን ናቕፋ ቴስዓን ሓሙሽተን ሳንቲም) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝተዓደ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቐሐ መጠን ገንዘብ፡ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቃሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወከሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕረበ ሓራጅ ኣይቋረጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 20/07/2026

ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል።

ነቶም ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ዞባ 01 ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

UNFPA

Vacancy announcement# 002/2026

**VACANCY- Programme Specialist, SRH&RR - UNFPA, Eritrea**

| Official Job Title: | Programme Specialist, SRH&RR     Duty Station: Asmara |
|---|---|
| Grade (Classified) | NO-C |
| Contract Type | Fixed Term Appointment |
| Post Number: | 32722 |
| Post Type: | ☐ Rotational ☒ Non-Rotational |
| Duration | One Year |

1. **Organizational Location**

The Programme Specialist is located in Country Offices (CO) and reports to the UNFPA Assistant Representative, under the overall supervision of the Country Representative.

2. **Job Purpose**

The Programme Specialist, Sexual and Reproductive Health and Reproductive Rights (SRH&RR) plays a leadership role in coordinating and managing comprehensive integrated programmes on SRH&RR including maternal health, family planning, HIV prevention and harmful practices affecting the health and wellbeing of women and girls. The Programme Specialist supports national efforts to achieve universal access to comprehensive SRH&RR by promoting policy, financing, programmatic and accountability commitments. S/he oversees UNFPA SRH&RR programmes and projects formulation, implementation, monitoring and evaluation focusing on strengthening Eritrea's primary health care delivery systems. The staff member provides technical support to the design, implementation, monitoring and evaluation of joint programming initiatives with sister UN agencies. S/he leads the SRH&RR programme team and collaborates with the CO's operations/administrative support staff for effective and efficient use of SRH&RR programme resources.

3. **Major Activities/Expected Results**

**Overall Responsibilities:**

- In collaboration with Government counterparts, sister UN agencies and other partners, the Programme Specialist oversees the formulation, design and delivery of the country programmes and projects on SRH&RR in line with Government's priorities, United Nations Sustainable Development Cooperative Agreement (UNSDPF) and UNFPA Country Programme Development (CPD) by following UNFPA programme policies and procedures.
- Oversees achievement of SRH&RR programme results through appropriate monitoring and oversight mechanisms and systems.

ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ (ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቕን ሽፋን እትህብ ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
- ✓ ብናህ ኣብነታት
- ✓ ሰኣላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዎ።


ንዝያዳ ሓበሬታ

07142402 / 07461121

ረቕ ኣፍ


ሓዳስ መጽሓፍ

ሕክምናዊ ምኽሪ ኣፍን ኣሰናንን



ካብ ትሕዝቶ ናይዛ መጽሓፍ...

- መሰረታውያን ሜላታት ምጽራይ ኣፍን ኣስናንን
- ጽሬት ኣፍን ኣስናንን ምስ ዘይሕሱ ሕማም ኣሰናን ብኸመይ ይምዕበል
- ሕማማት ኣሰናን ምስ ውሽጣዊ ሕማማት ዘለዎ ምትእስሳር
- ንኣሰናን ዝጠቕሙ ዓይነታት መግብን ኣመጋግባን
- ጠንቂ ሕማም (ምብኽብኻክ) ኣሰናን
- ክንክንን ፍወሰን ምብኽብኻክ ኣሰናን
- ብዘይ ብፍሉይ ምኽንያት ሰኒ ምስዓድ ዘኸትሉ ሳዕቤን
- ምኽርን ክንክንን ንምጥቃስ ነድሪ/መድመይቲ ግርጻን
- ምኽርታት ንምክልኻል ጸጸር ሰኒ
- ሕክምናን ምኽርን ንምጥቃስ ሕማቕ ሽታ ኣፍ
- ኮልጊት ምጥቃም ሕማቕ ሽታ ኣፍ ይገብር ድዩ?
- ጽሬትን ክንክንን ኣሰናን ህጻናት
- ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ሽግራትና ናይ ዝኾነ ሰባት መሰዲ ወይ ኣለይቲ ብዛዕባ ኣፍን ኣሰናንን ደቆም ክፈልጥዎን ክገብርዎን ዝግባእ



ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ኣብ ጥዕና ኣፍን ክፍሊኡን ዘለዎ ኣፍልጦ ኣብ ምብራኽ እተሕግዝ ኣብዚ ዋዕ ንዝርካቡ ኩሉ መጠበቒት ክትጥቀምሉ እትኽእል መጽሓፍ።

ኣሰናዳኢ፦ ሓኪም ሰኒ ኣምባሳደር መብራህቱ (ኣምባስ)
07843270/07132263

ኣብ ቤት መጻሕፍቲ...
ኣስመራ - [illegible]
ኣምባሳደር - [illegible]
[illegible]

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: OHL MV Electrician

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Maintains and repairs Electrical equipment, appliances and Infrastructure in the Process Plant. The Electrician will maintain or install Infrastructure for medium voltage, from (110Vac up to 22kV). Trains and guides National electricians on HV/MV systems.
- Responsible person on site to perform transformer maintenance, extend 22kV and 6.6kV OHL and follow a program of installing gang switches to segregate spur of lines as needed. Investigate and correct recurring issues such as clamps and install insulated cable in areas prone to bird strikes and other initiatives to ensure reliability of supply.
- Willing to work on LV systems within the Process Plant during shutdown periods.

**Essential Function**

- OHL extension, improvements and maintenance.
- Transformer maintenance
- Maintenance of 6.6kV SWG and RMU's within the process plant.
- Train and mentor national electricians ensuring competence within a 2-year period.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Reporting

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.
- Must be willing to be trained to operate Telehandler and "Cherry Picker" equipment
- Must have an Eritrean Driver's License Minimum Code 2 or equivalent for expat..
-

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Trade Certificate or Related Tertiary Qualification<br>• Relevant certification required to work on and switch 6.6kV voltage levels. | • 3 - 5 years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Low Voltage Electrical systems experience<br>• Problem-solving skills<br>• Supervisory experience<br>• Read and interpret Electrical Drawings<br>• HV/MV cable terminations & HV/MV cable jointing<br>• HV/MV overhead line construction experience. | • Communication (English)<br>• Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation<br>• Safe work Practices |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**


**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

ወ/ሮ ፋጥማ ከያር መሓመድ ዝተፈቅደለን ናይ መዕረፊ ኣጋይሽ ንግዳዊ ትካለን "ንዋዒም መዕረፊ ኣጋይሽ (NEWAEIm PENSION) ተባሂሉ ክሰየማለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና፡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኣቕሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ



# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ምህዞ፡ ናይ ዘወትር መጓዕዝቲ ደቂ ሰብ

2ይ ክፋል

ዝምሃዝ ከም ዝተወድአ ገይሩ ዝርድኦ ሰብ ኣይሰኣንን ይኸውን። እዚ ኣተሓሳስባ ኣብቶም ቀዳሞት'ውን ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል እዚ ሕታም ዝተጠቕሰ፡ ሰብ ዝሓጸሮ ነገር ክሳዕ ዝሃሉዎ ካብ ምምሃዝን ምስናዕን ዓዲ ኣይውዕልን። ዝኾነ ሰብ'ውን ክምህዝ ይኽእል'ዩ። ናይ ምህዞ ደረት፡ ጫፍ ኣድማስ'ዩ። ሓደ ነገር ክትገብር ትኽእል ምኳንካ ዝነግር ጻውዒት ካብ ውሽጥኻ እንተ ነቒሉ፡ ብዘይ ፍርሒ ምስዓቡ ቀዳማይ ስጉምቲ ንምህዞ'ዩ። ብዙሓት ነቲ ዘንቀሉዎ ሓሳባት ብምንእኣስ፡ ሰብ ከይክዕቦም ብምሕሳብ፡ ዝኣምኖም ከይስእኑ ብምስጋእ፡ ወዘተ ንሓሳባቶም እንዳ ጓሓፍ ይድርብዩዎ። ሎሚ ሳላ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነትን ሰብ ሰርሖ ብልሕን ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ዝምእምኣካ ሓገዝ ክትረክብ ኣይትሸገርን ኢኻ። እምበኣር 'theboldlife.com' ነቶም ሓሳባት እናሃሉዎም፡ ቀዳመይቲ ናይ ተግባር ስጉምቲ እተፍርሖም ወይ እተሸግሮም እዚ ዝስዕብ እንዶታት ኣቐሚጡ ኣሎ፥

- **ሓደ ፕሮጀክት ምረጽ፥** እታ ህይወትካ ክትቅይር እትኽእል ሓንቲ ነገር ኣየነይቲ እያ፧ እዚኣ ከምቲ ሓዊ እትውልዓላ ርእሲ ክርቢት ወሲድካ ቀልዲ ሕልምኻ ወልዓላ። ዓባይን ቀምነገር ዘሎዋን ግበራ።



- **ሸቶኻ ፈሊኻ ውጥን ኣውጽእ፥** ቅድሚ ምዝላልካ ትዓልበሉ ክትርኢ የድሊ። ራኢ ይሃሉኻ፣ መወዳእታ ወጽኢት ከመይ ከም ዝመስል ስኣሎ። ውጥን ኣውጽእ፣ ከመይ ኢልካ ኣብቲ መወዳእታ ትበጽሕን ብኸመይ ከም ትገብሮን ከነጽረልካ'ዩ።

- **ናይ ተግባር ደረጃታት ፍጠር፥** ብመሰረት ውጥንካ፡ ነቲ ስራሕ ብበደረጃኡ ብምስራዕ ናይ ተግባር መስርዕ ጽሒፍካ ኣዳሉ። እንታይ ክግበር ኣሎዎ ግድን ምፍላጥን እቲ ደረጃታት ብንጹር ምልላዩን ኣገዳሲ'ዩ።

- **ፍርሕኻ ናብ ረብሓኻ ለውጦ፥** ነዚ ተበጊስካሉ ዘለኻ ፕሮጀክት ንኸይትገብሮ ዘፍርሓካ ዘበለ ጸሓፎ። ንነፍሲወከፍ ፍርሕኻ ንምልዋጥ ብሰብኣዊ ሓይልኻ ንቕሓሉ። ንፍርሕኻ ናብ ናይ ተግባር ድርኺትካ ቀይሮ።

- **ዘበራትዕካ ጭርሖ ፍጠር፥** እቲ ናብ ተግባር ክትሰጋገር ዘተባብዕ ጭርሖኻ፡ ኣብ ሞባይልካ፡ መደቀሲኻ፡ ቦታ ስራሕካ፡ ክፍሊ ዕዮኻ፡ ጸሓፎ። ምሉእ መዓልቲ ክትደጋግሞ እንተ ወዓልካ'ውን ዝያዳ ከሐየለካ እዩ።

- **ምስ ካልኦት ኣዕልል፥** ምስ ናይ ህይወትካ ኣዕሩኽ ብዛዕባ ፕሮጀክትኻ ኣዕልል። ቀረብትኻ ግድን ኣይኮኑን ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈት ክህልዎ፣ ብዛዕባኻ ዝግደሱ፡ "እቲ ክስታይ ደኣ ኣበይ ኣብጺሕካዮ፧" ብምባል ደሃይካ ዝገብሩ እንተ ኰይኖም'ውን ኣኻሊ'ዩ። ብዘይካኡ ሓገዝ ኣብ ትደልየሉ ሓገዝ ሕተት። ኣብ ከባቢኻ ትረኽቦም ሰባት ኣነቓቓሕትን ተወሰኽቲ ጸዓትካን ግበሮም።

- **ሸቶኻ ሓደ ይኹን፥** ብዙሕ ዓይኒ ምህላው ኣይ-ኣብቲ ኣይ-ኣብቲ ሓዲግ ከትርፈካ ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓደ እዋን ሓንቲ ፕሮጀክት ጥራይ ሓዝ። ብዛዕባኣ ጸሓፍ፡ ኣንብብ፡ ኣጽንዕን ዳህስስን። ምሉእ ኣተኵሮኻ ኣብኣ ይኹን።

- **ዘየገድሱ ጉዳያት ክተቶም፥** ግዜኻ ንፕሮጀክትኻ ኣብ ዘይሕግዙ ጉዳያት ኣይተጥፍኣዮ። ኩሉ እትገብሮ ኣብ ቁጽሪ ከም እተእቱዎ ግበር።

- **ኣብ እወታዊ ሸነኹ ጥራይ ኣድህብ፥** እወታዊ ኣተሓሳስባ ንፕሮጀክትኻ ኣይኮነን ንጥዕናኻ እውን ኣዝዩ ጽቡቕ'ዩ። ነቲ ኣብ ፕሮጀክትኻ መወዳእታ ዘሎ ሓጐስ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ። ናይ ዓወት መንፈስ ኣብ ውሽጥኻ ደጋጊምካ ቀስቅሶ።

- **ዘነቓሕቑ ንጥፈታት ኣዘውትር፥** ኣብ ስራሕ ኣዚኻ ኣብ ትደኽመሉ፡ ብተደጋጋሚ ምስ ድኻምካ ምስራሕ ውጽኢታዊ ኣይኮነን። ንኣኻ ከደንዝዘካ ዘይኩኑ፡ ከነቓቕሓካን ጸዓት ክውስኽልካን ዝኽእል ንጥፈታት ኣዘውትር። ከም ምጉያይ፡ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ሙዚቃ ምስማዕ፡ ምስትንታን፡ ወዘተ ክኸውን ይኽእል።

- **ኣሰር ዓወትካ መዝግብ፥** ንኹሉ እትገብሮ ንጥፈታት መዝግቦ። ነፍሲወከፍ ትገብሮ ምንቅስቓስ ክትምዝግቦ እንተ ክኢልካ ኣየናይ የስርሕ፡ ኣየናይከ ዘይሰርሕ ክትፈልጦ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሰሙን ነቲ ዝገበርካዮ ምዕባለ ጸንብሎ።

- **ንውድቀት ብድፍረት ተጸበዮ፥** ኩሉ ዝጀመርካዮ ብዓወት ይዛዘም ማለት ኣይኮነን። ውድቀት ንኽትምሃርን ክትዓብን ዝተኸፍተ ዕድል ምዃኑ ኣስተውዕል። ሓንሳእ ምስ ወደቕካ፡ ከም ብሓድሽ ሓይልኻ ንኽትጅምር ናጻ ኢኻ።

- **ንነብስኻ ምስል፥** ንህቡብነት ኣይትህደና፣ ካልእ ክትመስል ኣይትድለ። እቲ ካብ ካልእ ዝፈልየካ ረቛሒ ባዕሉ ከንጸባርቕ ሕደጎ። ንነብስኻ ቅኑዕ ኩን።

- **እመን፥** እምነት ኣብ 'ክገብር ይኽእል'የ' ድዩ ኣብ "ኣይክእልን'የ"፧ ክትገብር ምኳንካ ብምእማን ንቕድሚት ቀጽል። ጸዓትካ ዘበለጸ ንኽትጽበ ምርሓዮ።

- **ጉዕዞኻ ኣስተማቕሮ፥** ዓወት ኣብ ጉዕዞ እምበር ኣብ መፈጸምታ ምዕራፍ ኣይኮነን። መዓልታዊ ጽቡቕ ክትገብርን ጽቡቕ ክስምዓካን ምረጽ። ንትማልን ሎምን ብምስትምቓር ኣድንቀን። ካልኦት ሰባት ዝደለዩዎ ክረኽቡ ከኣ ሓግዝ።

***

## ሰነ ኣትዩ፡ ንፈተና ትዳለውዶ ኣለኹም፧

ወርሒ ሰነ ዝበዝሐ ተመሃራይ ሃገርና ንፈተናን ምዝዛም ሓደ ደረጃ ትምህርትን ዝዳለወላ ወርሒ'ያ፣ ተመሃሮ ብዙሕ ሸበድበድ ዝርእዩላ ወርሒ ሰነ'ያ። ገለና ጥራዝና ገንጺልና ዘይንፈልጥ፡ ገለና ካብ መጽናዕቲ በኹርና ዘይንፈልጥ ክንከውን ንኽእል። እቶም ገና መጽናዕቲ ዘይጀመርና ካብ ሕጂ ክንጅምር ንኽእል ኢና። መደብ ሰሪዕና እንተ ኣጽኒዕና፡ እኹል ግዜ'ዩ። ካብቲ ኣብ ዝኾነ መዓልቲ እንገብሮ መጽናዕቲ ዝተፈልየ ምድላዋት ክንገብር ንኽእል ኢና። ንፈተና ኢልና እነጽንዖ፡ ካብቲ ተራ መጽናዕትና ዝተፈልየ እዩ። ንፈተና ኣብ እንገብሮ ምድላው ከኣ እዚ ዝስዕብ መዘኻኸሪ ንርአ፤

- እቲ ክሽፈን ዝተሓሰበ ኣተኵሮ ሂብና ሸፊንናዮ እንተ ኴንና ነረጋግጽ። ብተወሳኺ ኣብ ግዜ መግለጺ ዝሓዝናዮ ኖት እንተ ሃልዩ ንርኣዮ።

- እንታይን መኣስን ከም እነጽንዕ መደብ ንግበር።

- እንተ ነወሐ ከየቋረጽና ሓደ ሰዓት ነጽንዕ። ድሕሪ ሓደ ሰዓት ካብ ዓሰርተ ክሳዕ ሓሙሽተ ደቒቕ ነዕርፍ።

- ኣብ ፈተና ክመጽእ ዝኽእል ሕቶታት ክንግምቶ ንኽእል እንተ ኴንና ባዕልና ክንምልሶ ንፈትን።

- ከማኻ ነቲ ክሽፈን ዝድለ ምዕራፋት ዝሸፈኑ እንተ ኰይኖም፡ ብጉጅለ ምጽናዕ ሓጋዚ'ዩ።

- ኣብቲ መዓልታዊ እንገብሮ መጽናዕቲ ኣገዳሲ ዝበልናዮ ጽማቝ ኖት ክንሕዝ እንተ ጸኒሕና ዝበለጸ'ዩ። ደጊምና ከነንብብ እንከለና፡ እቲ ዝገፈሐ ኖት ምጽናዕ ኣየድልየናንን እዩ።

- ፈተናና ዝርዝር መልሲ ዘድልዮ ሕቶታት እንተ ኰይኑ፡ ነቲ ኣገዳሲ ክልሰ ሓሳባት፡ ኣምራትን ዝምድናታትን ኣድቂቕና ክንርእዮ ይግባእ።

- ኣብ ፈተና ዝመጽኣና ሕቶታት ግድል እንተ ኰይኑ፡ ካብ ጥራዝና፡ ተመሳሳሊ መጽሓፍትን ኣእምሮናን ደጋጊምና ግድላት ንስራሕ።

- ምእንታን ምስቲ ኣቐዲምና ዘጽናዕናዮ ከየደናግረና ኣብ ናይ ፈተና መዓልቲ ካልእ ሓድሽ ክንፈልጥ ሒኹ ኣይንበል።

- ፈተና ንምጅማር እናተዳለና እንከለና ምስ ዝኾነ መማህርትና ብዛዕባ እቲ ፈተና እንተ ዘይኣዕለልና ይምረጽ። ከይተረድኣና ኣብ ወጥሪ ክንኣቱ ስለ እንኽእል፡ ዓይነት ዝመጽኣና ፈተና ክንፈልጦ ከድልየና'ዩ።

- ፈተና ምስራሕ ቅድሚ ምጅማርና በቲ ዝብረሃና መገዲ ነብስና ነነቓቕሓያ።

- ድሕሪ ፈተና ንዘናጋዕ። ንኸነጽንዕ ክንብል'ውን ነብሳና ኣይንረስዕ - ጽቡቕ ጌርና ንመገብ።

***

ፈተና ኣብ ምቕራቡ ኣቐዲምና ክንፈልጦን ክንምልሶን ዘሎና ነጥብታት ኣሎ፥

1. እንታይ ዓይነት ፈተና ምዃኑ ንፍለጦ። እቲ ክንዳለዎ ዘሎና ብመንጽር እቲ ፈተና ክንልክዖ ስለ እንኽእል፡ ዓይነት ዝመጽኣና ፈተና ክንፈልጦ ከድልየና'ዩ።

- ፈተና ምረጽ፡ ሓቂ ሓሶት፡ ኣዛምድ ወይ ንኹለን ዘጠቓልለ እንተ ኰይኑ፡ ኣቐዲምና ምፍላጥ ነቲ እንገብሮ ምድላውን እኹልኾ ግዜን ክንቈጥብ ክሕግዘና ይኽእል'ዩ።

- ፈተናና ምሉእ መግለጺ ዘድልዮ ሕቶን መልስን እንተ ኰይኑ፡ ዝያዳ መጽናዕትን ዕምቈትን ስለ ዘድሊ ኣደልዲልና ከነጽንዕ ይግባእ።

- ኣብ ፈተና ዝመጽእ ሕቶታት ግድላት እንተ ኰይኑ፡ ፍልይ ዝበለ ምድላዋት ክንገብር ንግደድ። ግድላት እቲ መሰረታዊ ኣምራቱ (concepts) ክንፈልጦን ብብዙሕ ሕቶታት ክንለማመድን የድልየና።

- ፈተናና ካብዚ ኣቐዲምና ዝርኣናዮም ዝተሓዋወሰ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ንኹሉ ኣገባብ ዘጣመረ መጽናዕቲ የድልየና።

2. ኣየናይ ምዕራፍ ኣንቢብና ክንሸፍን ወይ ክንዳሎ ከም ዘሎና ንፍለጦ። ኣብ ክፍልና እንወስዶ ንኣሽቱ ፈተናታት ናብ ዝተወሰነ ኣርእስታት ዝዓለመ ስለ ዝኾኑ፡ ኣየናይ ምዕራፍ ከም እነጽንዕ ምፍላጥ ካብ ዘይተደልየ ሃልክን ጸቕጥን ከገላግለና ይኽእል።

3. ኣብ ፈተና ክንደይ ሕቶታት ክመጽኣና ምዃኑ ንፍለጥ። ኣብ ፈተና ዝመጽእ ብዝሒ ሕቶታትን ዓይነትን ኣቐዲምና እንተ ፈሊጥና ጥቕሚ ኣሎዎ። ምናልባት ካብ ትጽቢትና ወጻኢ ብዝሒ ሕቶታት እንተ ጸንሑና ኣብ ወጥሪ ክንኣቱ ንኽእል ኢና።

4. ንፈተና መስርሒ ዝወሃበና ግዜ ምፍላጥ'ውን ንኣሳልጦና ሓጋዚ'ዩ። ኣብ ፈተና ካብ ዘድሊ ኣገዳሲ ጥበባት ሓደ ምሕደራ ግዜኻ እዩ።


መም. ስተላ መሓረና

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ብልሒ ካብ ዕሽነት ዝፈልዮ፡ ብልሒ ደረት ዘሎዎ ምዃኑ'ዩ።"

- Albert Einstein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጠላም ድሠ



ሓደ ግዜ፡ ድሙን ኣንጭዋን ጥቡቕ ዕርክነት መስረቱ።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣንጭዋ ወለደት። ሰብኣያ ንበረኻ ዝብላዕ ከምጽእ ወፊሩ ከሎ ድማ፡ ድሙ ንሓራስ ክበጽሕ መጽአ። "እንቋዕ እታ ነፍስኺ ረኺብኪ፡" ኢሉ ክንደይ ኣናጹ ከም ዝወሰደት'ውን ሓተታ።



ንሳ ከኣ፡ ብግርህና፤ "ዓሰርተ፡" ኢላ ምላሽ ሃበቶ።

ድሙ ተሓጒሱ፤ "ጽቡቕ! ጽቡቕ! ደቅኹም ዓሰርተ፣ ንስኺ መበል ዓሰርተ ሓደ፣ ሰብኣይኪ መበል ዓሰርተ ክልተ፣ እኹላት ስድራ ቤት ኴንኩም፡" ኢሉ ወጸ'ሞ፡ ኣብቲ ደጌል ተሓብአ።

እታ ሓራስ ኣንጭዋ፡ 'እንታይ ዘረብኡ እዩ እዚ፡' ኢላ ክትግረም ከላ ሰብኣያ ደበኽ በለ። ሽዑ እታ ሓራስ ኣንጭዋ ንሰብኣያ፤ "ፈታዊና ድሙ፡ ንስኻ ምስ ወፈርካ ክበጽሓኒ መጺኡ ነይሩ። ዘገርም ዘረባ ተዛሪቡኒ ኸኣ ከይዱ፡ " በለቶ።

እቲ ተባዕታይ ኣንጭዋ፤ "እሂ እንታይ ኢሉኪ ዓርከይ ድሙ፡ እስከ ንገርኒ፡" ኢሉ ተሃዊኹ ሓተተ።

ንሳ ኸኣ፤ "'ክንደይ ደቂ ወሊድኪ፧' ኢሉ ሓተተኒ። ኣነ ከኣ፡ ከይሓባእኩ፡ 'ዓሰርተ ደቂ ወሊደ፡' ኢለ ነገርክዎ። ድሕሪ'ዚ ንሱ፡ 'ጽቡቕ! ጽቡቕ! ደቅኹም ዓሰርተ፣ ንስኺ መበል ዓሰርተ ሓደ፡ ብዓል እንዳኺ መበል ዓሰርተ ክልተ፡ እኹላት ስድራ ቤት ኴንኩም፡" ኢሉ፡ ኢዱ ነሲኡ ወጺ፡" ኢላ ነገረቶ።

እቲ ድሙ፡ ነዚ ኵሉ ዘረባ ኣብታ መሕብኢቱ ተጸጊጡ ይሰምዕ ነበረ።

እቲ ኣቦ ዝኾነ ኣንጭዋ ኲርዩ፤ "እንታይ



እሞ እዩ እዚ። ዓርከይ ድሙ ኣብ ቅድሚ ኣንስቲ ጃህራ እዩ ዝፈቱ፣ እዚ ከኣ ስራሕ ቀደሙ እዩ ኣይትፍርሂ። ኣጆኺ ተረፍ ቅንኡ እዩ ከምዚ ኢሉ እተዛረበ፡ " ኢሉ ኣጸናንዓ።

ድሙ፡ ነዚ ዘረባ'ዚ ምስ ሰምዐ፡ ብድሕሪኡ መጺኡ ነቲ ኣንጭዋ ዓትዓቶ።

ኣንጭዋ፤ "ዓርከይ ድሙ፡ ኣይንኣኻን'የ ኣይንኣኻን'የ፡ ሕደገኒ፡ ሕደገኒ፡" ኢሉ'ኳ እንተ ኣቀባጠረ፡ ድሙ፡ ብዘይ ምሕረት በዘቶ። እዚ ከይኣክል ድማ፡ ነታ ሓራስን ህጻናት ኣናጹን ንዓሰርተ ክልቲኦም ቀቲሉ በልዖም።

እቶም ካልኦት ኣናጹ ናይታ ዓዲ ከኣ ምስ ዘይመሳንይቲኻ ምኻድ ሓደገኛ ምዃኑ ተገንዚቦም ተጠንቀቑ። ካብዚ ግዜ እዚ ጀሚሮም ድማ ድሙን ኣንጭዋን ክጻየዩ ይነብሩ ኣለዉ ይብሃል።

ካብዛ ዛንታ እዚኣ እንታይ ትምሃሩ፤ ምስ መዛኑኹምን ስድራቤትኩምን ተዘራረቡ።

**ምንጪ፡ መጽሓፍ፡ ኣርብዓን ኣርባዕተን ዛንታታት**



# ዕላል ክልተ ኣሕዋት




## ዝተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ካ | | | ■ | | | | ■ |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | | | ■ |
| ■ | | ■ | ■ | ■ | | ■ | |
| | | | ■ | | | | |
| | ■ | | | | ■ | | ■ |
| | | | ■ | | | | |
| | | ■ | ■ | ■ | | ■ | |

### ኣገባብ ኣሰራርሓ

ኣብ ታሕቲ ናይ ጋድምን ናይ ትኹልን ቃላት ተዋሂቦም ኣለዉ። ከም መጀመሪ ድማ ፊደል 'ካ' ተዋሂባ ኣላ። ስለዚ፡ ካብዛ ፊደል ብምብጋስ ነዛ ዝተመሳቐለት ቃላት ስርሑዋ። ናይ ጋድም ቃላት ንጋድም፡ ናይ ትኹል ቃላት ድማ ንትኹል ጥራይ ክምልኡ ይግብኦም።

### ናይ ጋድም ቃላት

| | |
|---|---|
| ቦምብ | ላም |
| ካሜራ | ካራት |
| ነሓሳዊ | ናሕሲ |
| ሕማም | ካልሳ |
| ካርቦን | ንህቢ |
| ኳና | መስጣ |

### ናይ ትኹል ቃላት

| | |
|---|---|
| ካራመላ | ሳንጣ |
| ራሕሲ | ምሳር |
| ሓዊ | ካምቦ |
| ሕዛል | ቡን |
| ቦርሳ | ትኳብ |
| ካዝና | ስም |
| ዊን | ካቢነ |

## ወይ'ዛ ማማ

መምህር ናይ ስነ ፍልጠት
ጥቕሚ ሳንቡእና ምስ ሓተተት፡

ሕርብት ኢሉኒ መልሳ
ነዊሕ ምስ ሓሰብኩ ምስ ጣዕሳ፡

"መግቢ ድሙ፡" ኢለ ምልስ
መምህረይ እንተበለት ሕጉስ፡

ሓቀይ እንድየ ንድሙ እንዲና ንህባ
ኣብ መኣዲ እኳ ዘይንቐርባ፡

መምህረይ ተገሪማ ብመልሰይ
"ኣጽንዕ፡" ምስ በለኒት ገስጊሰ ናብ ቤተይ፡

ነታ ሕቶ ንማማ ሓተትኩዋ
"ንኸልቢ ዘይትብሎም፡" መለሰት ገሪምዋ፡

ወሰኸት "እንታይከ ጥቕሚ ኣለዋ!"
ወይ'ዛ ማማየይ
ልክዕ እባ'ያ ከምዚ ከማይ!

መምህር ኣማኑኤል ቴድሮስ

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ዉባን መልክዓን

ኣብ መርበብት ሓበሬታ፡ ማለት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣትዩ፡ ዝጠቕመኒ ሓበሬታታት እምእርር ኣብ ዝበርኩሉ እዋን፡ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ፡ በቲ ኣብ ዝጠዘሐ ስነ ጥበባዊ ፍርያት ሃገርና፡ ማለት ኣብ ግጥሚ፡ ሕደሚ፡ ዜማ፡ ናይ መድረኽ ድራማ፡ ኣሊያን ድርሰትን ፊልሚ፡ ወዘተ. ድሙቕ ኣሰር እናገደፈ ዝኸይድ ዘሎ ህርኩት ስነ ጥበበኛ ኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ-ኳዳ) ዝተዳለወት ሓንቲ ሓጻር ጽሕፍቲ ጎፍ በለትኒ'ሞ፡ ኣደህባይ ሂበ ብጽሞና ኣንቢበኩዋ። ትሕዝቶኣ ምስ መሰጠኒ፡ መታን ካልኦት ኣንበብቲ ክለብዋ ኢሉ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ ከም ዘሎቶ ከቕርባ ወሲነኩ። እታ ጽሕፍቲ፡ ብዛዕባ'ታ ኣብ ሃገርና ንጠማቲኣ ዘለለ ዘፍዝዝ ጉዳም መልክዕ ከም ዝነበራ ብኣፈ ታሪኽ ዝነገረላን ብዙሕ ዝተደርፈላን ወባ ጓል ኣቦይ መሰልኣብ እያ እተውግዕ። ምሉእ ትሕዝቶኣ እምበኣር ቀጺሉ ይስዕብ - ሰናይ ንባብ፦

ወባ፡ ካብ ኣቦኣ መሰልኣብ፡ ካብ ኣደኣ ሰላስ ዑቕበት ጉብረ ኣብ ጣዕ ዝተባህለ ዓዲ (ሎሚ ኣካል ንኡስ ዞባ ዱብርዋ ኮይኑ ዘሎ ዓዲ) ተወልደት። ኣቦይ መሰልኣብ ንሰላስ ክምርያ እንከሎ፡ ኣቦ ሰላስ - ዑቕበት ጉብረ ብሉቢቲ ኩባ ዝተሓጸበ ስለ ዝነበረ (ክናንወቱ ብሞግዩ-ጨባ ይጩቕጩቕ/ይሕጸብ ስለ ዝነበረ'ዩ "ኩባ ተሓጸቡ" ዝበልናዮ)፡ እልቢ ዘይብሉን ጥራት ተገዚሙ'ዩ ካብ ጸዕዳ ክርስትያን ናብ ዝበን ጣዕ ዝተገረ። ደቀቦይ መሰልኣብ ኩሉን ብመልክዐን ዝተፈልጣ ነበራ። ሰገት - ኣደ ዑቕባ ሃይለ እኳ ጽብቕቲ እንተ ነበረት፡ ወባ ግን ንመልክዑ እንዳ ኣቦይ መሰልኣብ ጠቕሊላ ወሰደቶ። ወባ፡ ዓቕመ ሄዋን ምስ በጽሐት፡ መልክዓ መዛረቢ ወዲ ኣዳም ኮነ።

ወባ፡ ቁመታ ሰንሰለ ማይ፣ ደረታ ግምጃ ርብዕ፣ የዒንታ ከዋኽብቲ ሰማይ ዝመስላ፣ መኻፍቲ ኣፋ ካትም፣ ከናፍራ ከም መዓር ዝጸጸ፣ ኣሰናና ከም ጻብ ዝፈሰሰ - ከም ሰኒ ኣድጊ ኩሉ ድልዱል፣ ክሳዳ እመት፣ ኣፍ-ልባ ዕምዕም ዝበለ፣ ኣጥባታ ከም ቀራን ዝራብዕ ዝዋጋእ ዝመስል፣ ዕታሮ ዕይሩ ሸንቅጥ መዓንጣኣ፡ መንብርኣ የዒንቲ ዘጽልል፣ ኣሰላፋታ ከውሒ መንደልሃጽ፣ ድናጉኣ ስሩዕ መጻርብ፣ ኣጻብዕታ ሰዊት የዒንቲ ዘንቅጽ፣ ጸጉሪ ርእሳ ባይታ ንኸኣ፣ ኮታ ብሸለንትናኣ ዝወጻ ዘይብላ ኣበር-ኣልቦ ፍጽምቲ ጎርዞ ነበረት። ኣብ ጣዕ ኣንብበዘ ደቂ ዓዲን ጎደቦን ሃሞም፡ ቀልቦም ብወባ ሰለዝተዘርዐ፡ ገኣ እንዳ ቦይ መሰልኣብ በጽሒ ኣራግጽ ተወደአ። ኣቦይ መሰልኣብ ቃሪያኦም ሐሂም ምስ ኣብጽሒ ክጓያዩ ምድሪ ትጸብቦም ነበረት።

ሕሉፍ ሓሊፎም፡ እቶም ክሓልፉን ክትሓልፍን ዝርእዩዋ ዝነበሩ ኣብጽሕ ደቂ ተባዕትዮ ብመልክዓ ስለ ዝተሰሓፉ፡ ዓዘዘ ፊዘዘ ስለ ዘበሉዮም፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይተራእየ ዘይልሙድ ፍጻመታት ክረአ ጀመረ። ንሱ ከኣ እቶም ዓዘዘ ፊዘዘ ዝበሉላ ኣውዓት፡ ንዓባይ ዓባይቶኦም ጨከናም ምሳር ጊርም ደብትኩዋ እሞ፡ ሽዑ ንወባ "ሓንትስ ጥራሕ ምሳኺ የሕደርኒ እምበር፡ እንኪ እዛ ኢደይ መጠን ፍትወተይ ንዓኺ ንምግላጽ እያ ቀሪጸያ..." እናበሉ ክልምኑዋ ተራእዩ። እዚ ተግባር'ዚ፡ እናተደጋገመ ይኸይድ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብቲ እዋን እቲ፡ ዓባይ ዓባይቶኡ ዝተቖርጸ ኀበዘ እንድሕር ተራእዩ "እዝስ ጉዳይ ናይ ወባ እዩ..." እናተባህለ ይዕለለሉ ነበረ። እቲ ንቓልቢ ወዲ ኣዳም ፈጺሙ ዘይምሕር መልክዓ ንኸንደይ ኣብጽሕ ኣልባም ዘሉዳደ ምንባሩ ከኣ፡ ሰብ ጣዕ ብዝተባህለ ካብ ኣቦ ሓጎታቶም ንዝሰምዕዎ ወግዒ እናደገሙ የዕልሉ።

ብመሰረት እቲ ደቂ ጣዕ ዘዘንትውዎ ኣፈ ታሪኽ፡ ንወባ ዝደለዩ ኣብጽሕ ኣብ ቅርዓት እንዳቦይ መሰልኣብ ክተፋኹ ይሓድሩ ነበሩ። ገለ ኀመደም ተማዚዞም ህንኪ ክብዘሉ፣ ገለን ብሕንቶ ስኖ ይብዘሉ፣ እሞ ሕልኮ ተሳዒዶም ሰማይ ኣብጺሖም ኣብ ባይታ ክጠቓለሉ፣ ኣብ ህንኪያ ሃብያ ክኣትዉ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ነበረ። ድሕሪ ክንደይ፡ ወባ ተመርዕያ ናብ ደቀጸንዳ እኳ እንተ ኣተወት፡ ከይወለደት ደኣ ምስ ብዓል ቤታ ተፋተሐት። ድሕሪ ምፍታሓ፡ ሓደ ኢያሱ ዝበሃል ውሉድ ወለደት። ብድሕሪ'ዚ፡ ናብ ባጽዕ ወሪዳ ኣብኡ ትነብር ከም ዝነበረት ይዝንተዉ። ኢያሱ እውን ዓበዩ ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ፡ ካብ እንዳ ኣዝዮማች ክንፉ ኪዳነ (ካብ ግዜ ጥልያንን ክሳብ እዋን ሃይለስላሴ፡ ፍሉጥ ናይ ኣስመራ ብዓል ሃብቲ ዝነበሩ ሰብኣይ እዮም) ጓል ብምውሳድ ፈረየ።

ኣብ 2009 ንመጽናዕቲ ናብ ዓዲ ጸዕዳ ክርስትያንን ኣስመራን ኣብ ዝወፈርናሉ፡ ደቂ ወዳ ንወባ ንምርካብ ምስ ባርካስ መብራህቱ ናብ ጥቓ እንዳ እልፉ ዝርከብ ህንጻ (ፖላሶ) ኣዝዮማች ክንፉ ኪዳነ ምስ ደየብና፡ ጓል ወዳን ደቃን ብኣካል ረኺብናየን'ሞ፡ ቀው ኢልና ካብ ጸፍሪ እግረን ክሳብ ጸጉሪ ርእሰን ምስ ጠመትናየን፡ መልክዕ ናይታ ኣብ ዓይኒ-ሕልናና ዝቐረጽናያ ወባ ኣብአን ሰጊሩ ጸንሓና። ብዘተፈላለየ ምኽንያት ናብ ዱብርዋ ኣብ ዝወርዳሉ እዋን፡ እቶም ዝጥምቱወን፡ "እዋይ እዚአንሲ ደቀቦይ መሰልኣብ ይመስላ..." እናበሉ ሽዓ ኢሎም ከም ዘለልዩወን እውን ኣውጊዖናና።

ወባ፡ ኣዚያ ቆማት፡ ኣመና ቀያሕ፡ ምስኡ ድማ ብእንግድዓኣ ወሪዱ ጎስስ ዝብል ጸጉሪ ርእሲ ዝተዓደለት ስለ ዝነበረት፡ ቈንጅናኣ ንብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ዘዕበደ ከም ዝነበረ'ዩ ዝዝንተወሉ።

ገለ ካብቲ ኣብ ግዜኣ "ሓለፈት" ክተብል እንከላ ብዛዕባኣ እተደርፈ ደርፍታት ከኣ እንሆ ሰዒቡ ይቐርብ፦

ኣንቲ ወባ ወባ ወባ ደመት
ጹሓይ ዓራርቦ ዘይትጥመት
ወባ ወባ ጓል ኣቦይ መሰለ
ጸጉሪ ርእሳ ፈረስ መቐየደ
ዝተረፈ መጠምጠመ ጉራደ
ኣቦይ እዝጊ ክርእያ ወረደ
ከላእክዎ ነጸላይ ጋረደ
ኣርእየኒ በሉ ተፋረደ
ኣርኣኽዎ ነፍሰይ ተፈረደ
ኣብላዕክዎ ጠበይ ሓረደ
ደሓን ይእቶ መሪቒኒ ከደ፣

ወባ ወባ ጓል ኣቦይ ሰለባ
ቀጣን እግሪ ቀዳዲት ዓለባ
ገዝፍ ርእሲ ሰበይት ወለባ



ኣድጊይ ትሕሸኒ ሳዕረይ ዝብ
እንተ ነውሐት ኣብ ደንደስ ዘቕርባ፣
ወባ ወባ ጓለቦይ መሰላ
ኮኾብ ሰማይ ዝመስል የዒንታ።

ወባ፡ እቶም ናብ ኣካላታ እንተ ኣቕረብኩም ኢሎም ዓይናም ሰም ኣብሎም ኣጻብዕቶም (ዓባይ ዓባይቶኦም) ብምሳር በቲኾም ከም ገጸብረኸት ናብ ቅድሚኣ እናቕረቡ ዝልምኑዋ ዝነበሩ ኣንበበ፡ ክትኣብዮም እንከላ'ውን ከምዚ ዝስዕብ እናበሉ ብምጽራፍ ሓርቆቶም ይገልጹላ ከም ዝነበሩ ይዝንቶ፦

እንክትገዱ መሸንካጋ ሰይጣን
እንክትብልዕ ኣንቦጣን ቃቒጣን
መቓብራ ዘይዝሮ ዕጣን
ይብልዋ እምበር ኣነስ እኳ
ኣይፈልጣን።
ገዝፍ ርእሲ ሰበይት ወለባ
ነዋሕ እግሪ ቀዳዲት ዓለባ
ኣድጊይ ትሕሸኒ ሳዕሪ ዝብ
እንተነውሓትኒ ኣብ ደንደስ ዘቕርባ።

**ከደጃ ኢብራሂም**

## ወይዘራዝር ኣድማስ

ብደረጃ ዓለም ዓመታዊ ዝካየድ ውድድር ቁንጅና ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓደ ካብቲ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜናን ማሕበረሰብ ኢንዱስትሪ ፋሽንን ዝስሕብ ንጥፈት'ዩ። ኣብቲ "ወይዘሪት ኣድማስ" (Miss Universe) ዝበሃል ኣኽሊል ዓወት ንምድፋእ ዝካየድ ውድድር፡ ብቑንጅናኣን ካብ መላእ ዓለም ዝተወከላ ደቂ ኣንስትዮ እየን ዝሳተፋ። እቲ ውድድር ኣብ 1952 ካብ ዝጀምር ንደሓር ከኣ፡ ብዘይካ ሃገረ ቬነዝዌላ፡ ነታ ኣኽሊል ዓወት ኣከታቲላ ንኽልተ ዓመት ዝተዓወተትላ ካልእ ሃገር የላን።

ስቴፋኒያ ፈርናንደዝን ዳያና መንዶዛን ክልተአን ደቂ ቬነዝዌላ ኮይነን፡ ስቴፋኒያ ኣብ 2008 ኣብ 18 ዓመት ዕድመኣ፡ ዳያና ከኣ ኣብ 2009 ኣብ 22 ዓመት ዕድመኣ፡ ንኽለን መወዳድርተን በሊጸን ኣኽሊል ብምድፋእ "ወይዘሪት ኣድማስ" ኣቢለን። ቬነዝዌላ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብኻልኦት ሓሙሽተ ተወዳደርቲ ቆናጁ ኣቢላ'ውን ነታ




ኣኽሊል ተዓዊታትላ እያ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሸውዓተ ቬነዝዌላውያን ወይዘራዝር ኣኽሊል 'ወይዘሪት ኣድማስ' ደፊኣን ኣለዋ ማለት'ዩ። እዚ ከኣ፡ ቬነዝዌላ፡ ብቑንጅናኣን ዓለም ዘርክባ ምልኩዓት ወይዘራዝር ብጠዚሒ ዝርከብኣ ሃገር ምዃና ዝእምት ምኳኑ፡ ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻብ፡ ንኣኽሊል 'ወይዘሪት ኣድማስ' ሕልፊ ተዓዊታትሉ ዘላ ሃገር - ሕ.መ.ኣመሪካ ኮይና፡ ዛጊት ትሸዓተ ግዜ ኢዳ ኣንቢራትሉ ኣላ። ፖርቶሪኮ ድማ ንቬነዝዌላ ተኸቲላ ሓሙሽተ ግዜ ተዓዊታትሉ ትርከብ። መክሲኮን ፍሊፒንስን እውን፡ ነፍሲ ወከፈን ኣርባዕተ ግዜ ክዕወታሉ ስለ ዝኸኣላ፡ ኣብ ራብዓይን ሓሙሻይን ደረጃ ተቐሚጠን ኣለዋ።

ውድድር ቁንጅና ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ሃገርና'ውን ጋሻ ነገር ስለ ዘይኮነ፡ ዝጐበኦ ቀላሒታ ተዋሂቡዎ ብዕቱብ ክስርሓሉን ክጸዓረሉን እንተ ክኢሉ፡ ኣብ ቅርጺ ተኽሊ ሰበኡተን ይኹን መልክዕ ፍረ-ገጽን ኣበር-ኣልቦ ዝኾና ከዋኽብቲ ደቂ ኣንስትዮ ብጠዚሒ ዝተዓደልና ስለ ዝኾንና፡ ሓንቲ መዓልቲ ናብ መድረኽ ውድድር ቁንጅና ዓለም ኣደይቡና፡ ነታ ዝኸበረት ኣኽሊል ናብ ርእሰን ደፊኣን ከም ዝምለሳ ክንገብር ንኽእል ኢና'ሞ፡ ሃዩ ደኣ ኣብ ውራይ ዕዮ-ገዛና ኣይንሕመቕ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣስመራ ማራቶን፡ ናይ 2026 ዕዉት መን ይኾውን፧

ሓደ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝፍጸሙ ዓበይቲ ስፖርታዊ ውድድራት ዝኾነ 'ኣስመራ ማራቶን' ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጽባሕ ሰንበት ማለት 7 ሰነ ኣብ ኣስመራ ክሳላሰል እዩ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ካብ ሰለስተ ሃገራት ኬንያ፡ ኡጋንዳን ደቡብ ሱዳንን ሓሓደ ኣትሌታት ክሳተፉ እዮም። ብፍላይ ኢሳቕ ማሳይ ዝስሙ ኡጋንዳዊ ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ደቡብ ኮርያ፡ ብ2 ሰዓት፡ 10 ደቒቕን 42 ካልኢትን ውድድሩ ዛዚሙ ራብዓይ ዝኣተወ ፍሉጥ ኣትሌት እዩ።

ዝባጻሕት ማእከል፡ ደቡብን ጋሽ ባርካን ከምኡ'ውን ንክሊብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝውክሉን ብውልቆም ዝውዳደሩን ኣትሌታት'ውን፡ ዝ. ሎሚ ዓመት ከም ብሉጻት ብዓለምለኻዊ ማሕበር ብዘጸደቖ ተዓዊቱ ዘሎ ውድድር ንምዕዋት፡ ደናጉኦም ስሒሎም ኣለዉ። ሎሚ ዓመት ዝሀሪም ግዜ ድማ፡ ከም መጠኒ. (ሓዲሽ) ክምዝገብ ምኽንያቱ፡ ኣኪያዲ ናያዚ ውድድር ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቐዲሙ ሓቢሩ እዩ።



**ዕወታት ናይ ዝሓለፉ ዓመታት**

- 2018፡ ሓጂ ሓምድ (ብውልቂ)
- 2019፡ መሓሪ ጺጋይ (ክለብ ደንደን)
- 2023፡ ናህም ኤርምያስ (ሰንዓፈ) ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ
- 2024፡ ዓወት ሃብተ (ዞባ ደቡብ)
- 2025፡ ናህም ኤርምያስ (ሰንዓፈ) ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ
- 2026፡ ?

ብዘይካዚ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ ካብ 10 ኪሎሜተር ናብ ፍርቂ ማራቶን ማለት 21 ኪሎሜተር ክብ ኢሉ ኣሎ። ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ዳግማይ ናብ ውድድር ዝተመልሰት ኦሎምፒኣዊት ጉዳም ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ድማ ክትጻወት ኢያ።

ሰንኩላን ማለት ፓራኣትሌታት (ዊልቸር) እውን፡ ኣብ ክልተ ምድባት ተኸፊሎም ክውዳደሩ እዮም።

እዚ ዓመታዊ ዝሳላሰል ውድድር፡ ንግሆ ሰዓት 7፡00 ሓፋሽ ህዝቢ ብዝሳተፎ ሓብራዊ ጉያ እዩ ክፍለም።

## ኣብ ዋንጫ ዓለም ካብ ዝተኣታተዉ ሓደስቲ ሕግታት

* ዳርባ ኢድ (Throw in) ከምኡ'ውን ንዝወጽእ ኩዕሶ ዳግማይ ንምጅማር ጸወታን (Goal kick)፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ካልኢት ክኸውን ኣለዎ።

ዳኛ፡ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ምቑጻር ምስ ጀመረ፡ ኣብ ውሽጢ እዘን ካልኢታት ኩዕሶ ናብ ጸወታ እንተዘይተመሊሳን ተጻዋታይ ካሉ ኢሉ ዘደንጉያ ኮይኑ ምስ ዝስምዖ፡ ንናይ ዳርባ ኢዱ ናብ ኣንጻር ጋንታ ይቕይሮ፣ ኣብ ዳግማይ ምጅማር (Goal kick) ምስ እትኸውን ከኣ መጋጥምቶም ናይ መኣዝን ቅላዕ ይወሃቦ።

* ናይ ምቅይያር ግዜ 10 ካልኢት፣ ዝተቐየረ ተጻዋታይ ኣብ ውሽጢ 10 ካልኢት ብዝቐረበ ክፋል ካብ ሜዳ ክወጽእ ኣለዎ። እንተዘይወጺኡ እቲ ተቐያሪ ክኣቱ ዝተሓሰበ ተጻዋታይ፡ እንተውሓደ ንሓንቲ ደቒቕ ናብ ሜዳ ካብ ምእታው ይኽልከል፣ ጋንታኡ ከኣ ብጎደሎ ክትጻወት ትቕሰብ።

* ዝኾነ ተጻዋታይ ምስ መጋጥምቱ ኣብ ዝጋራጨወሉ/ዝኮራፈጠሉ ንኣፉ ብኢዱ ወይ ብማልያኡ ምስ ዝሸፍኖ፡ ግዳይ ቀይሕ ካርድ ይኸውን። ኣብ እዋን ሕውነታዊ ዝርርብ ግን፡ ዘቕጽዕ ኣይኮነን።

እዚ ሓዲሽ ሕጊ፡ ድሕሪቲ ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ናያዚ ወቕቲ፡ ኣከፋፋሊ በሪካ - ጂያንሉካ ፕረስቲያኒ፡ ኣፉ ሸፊኑ ንኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ቪንስየስ ምዝራቡ ዝሰዓበ እዩ። ቪንስየስ፡ ዓሌታዊ ጸርፊ ኣውሪዱለይ ክብል እንከሎ፡ ፕረስቲያኒ፡ ኣይበልክዎን ምባሉ'ውን ይዝከር።

ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ውድድር፡ ዳኛ፡ ኢዱ ብምምሳቓል (X) ዓሌታዊ ኣድልዎ ከምዝጋጠመ ክሕብር ይኽእል እዩ። እቲ ጸወታ ን15 ደቓይቕ ደው ክብል፣ እቲ ኣድልዎ እንተቐጺሉ ከኣ፡ ጸወታ ክሳብ ምቁራጽ ክበጽሕ ይኽእል - ብመሰረት ሓዲሽ ሕጊ።

* ንውሳኔ ዳኛ ተቓዊሙ ካብ ሜዳ ዝወጸ ተጻዋታይ፡ ቀይሕ ካርድ ይረኣዮ፣ ብተመሳሳሊ ካብ ኣባላት ሰታፍ ጋንታ፡ ንተጻወትቲ ክወጽኡ ምስ ዝሕብሩ፡ ብዘወሰኸ፡ ሓንቲ ጋንታ ጸወታ ከቋርጽ ምኽንያት ምስ እትኸውን፡ ብፍርፋይት ትስዓር።

እዚ ሓዲሽ ሕጊ፡ ድሕሪቲ ሞሮኮን ሴኔጋልን ኣብ ዝተራኸብሉ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ተጻወትቲ ሴኔጋል ንውሳኔ ዳኛ ተቓዊሞም ካብ ሜዳ ብምውጻኦም እዩ ጸዲቑ ዘሎ።

* ኣብ ፍሉይ ወሰፍ ማእከላይ ግዜ ናይ ቀዋሚይን ካልኣይን እብረ (ንኣብነት ኣብ ቀዳማይ እብረ ማእከላይ ግዜ 22 ደቓይቕ) ኣስራይ ሰለስተ ደቓይቕ ናይ ማይ ምስታይ ግዜ ኣሎ፣ ሰሪቲ ኣብ ኣኣንገድቲ ሃገራት ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት።

* ሕክምናዊ ሓገዝ ዝተገበረሉ ተጻዋታይ (ብዘይካ ሓላዊ ልዓት)፡ ንሓደ ደቒቕ ካብ ሜዳ ወጺኡ ይጸንሕ።

* ሓላዊ ልዓት መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ሕክምናዊ ሓገዝ ይግበረሉ እንተሃልዩ፡ ተጻወትቲ ክልተኣን ክለባት ካብ ሜዳ ክወጹ ኣይፍቀደሎምን። እዚ ሕጊ፡ ገለ ሓለውቲ ልዓት፡ ንህርመት ጸወታ (Tempo) ኣንጻር ጋንታ ንምዝራግን ደቂ ጋንታኦም ሓደስቲ ሓበሬታታት ካብ ኣሰልጣኒኦም መታን ክረኽቡን ኢሎም፡ ሕክምናዊ ሓገዝ ክሓቱ ስለዝተራእዩ እዩም።

* ቪድዮ ተሓጋጋዚት ዳኛት (ቫር)፡ ኣብ ገለ ቅድሚ ሕጂ ዘይትኣትዎ ዝነበረ ውሳኔታት ክጥቀመላ ተፈቒዱ ኣሎ።

ንኣብነት፡ ብጌጋ ናይ መኣዝን ቅላዕ (Corner) ተዋሂቡ ከይከውን ከተረጋግጽ ተፈቒዱዋ ኣሎ፣ እዚ ግን፡ ብቐልጢፍ ማለት ንዳግማይ ምጅማር ጸወታ ብዘየደናጉ።


ብዘይካዚ፡ ቫር፡ ንብጌጋ ዝተዋህበት ካልኣይቲ ብጫ ካርድ'ውን ከተረጋግጽ ኢያ።



ሓዲሽ ሕጊ ክወጽእ ዝቐሰበት ፍጻመ፡ ፕረስቲያኒ ንቪንስየስ ኣፉ ብማልያኡ ሸፊኑ እናተዛረበ

ንመበል 23 ዝፍጸድ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ሃገራት ኣመሪካ፡ መክሲኮን ካናዳን እዩ ክካየድ። ሓሙስ 11 ሰነ ሰዓት 10፡00 ድ.ቀ ድማ፡ ብጸወታ መክሲኮን ደቡብ ኣፍሪቃን ክፍለም እዩ። ኣብ ዋና ከተማ መክሲኮ ሲቲ ዝርከብ 87,523 ተዓዘብቲ ዝሕዝ ኣዝተካ ስታድዩም፡ ዝ. መኽፈቲ ጸወታን ጽንብልን ከሰናድኦ እዩ። ናይ ፈለማ ስታድዩም ንሰለስተ መኽፈቲ ጸወታታት ዋንጫ ዓለም ዘኣንገደ ድማ ክኸውን እዩ - ንናይ 1970ን 1986ን መኽፈቲ ጸወታታት ኣሰናዲኡ ብምንባሩ።

## ሊቨርፑልን ፒኤስጂን፡ ንዲዮማንደ ንምፍራም ይወዳደራ



እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑልን ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂን፡ ንተጻዋታይ ኣርቢ. ሌፕዚግ - ያን ዲያማንደ፡ ንምፍራም ኣብ ውድድር ኣትየን ይርከባ።

እዚ ወዲ 19 ኢዩሮፓዊ ኣብ ክረምቲ 2025 ካብ ስዊድናዊት ክለብ ሊጋአስ ብናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል፡ ናብ ኣርቢ. ሌፕዚግ ተጸምቢሩ። ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብዛ ጀርመናዊት ክለቡ ብዝርኣዮ መሳጢ ምንቅስቓስ እዩ፡ ኣብ ራዳር ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ኣትዩ ዘሎ።

ንዓለማዊ ኣርን ስሉት ኣብረራ ሓዲሽ እዋን ብመሪሕነት ኣንደኒ ኣሪዮላ ንምጅማር ተዳልያ ዘላ ሊቨርፑል፡ መስርዓ'ውን ብመንእሰያት ተጻወትቲ ከትተክልዮ ወጢና ትርከብ። በዚ ድማ ነዚ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ምስ ክለቡ ርክብ ገይራ ኣላ።

ዲያማንደ፡ ወላኳ ዘያዳ ብየማናይ እግሩ ዝጻወት እንተኾነ፡ ብጸጋመይቲ እግሩ'ውን ኣድማዒ ብምዃኑ፡ ብክልተኡ ክንፊ ክሰለፍ ዘይጸግም ምዃኑ ይግለጽ። በዚ ድማ ሊቨርፑል፡ ድሕሪ ምውጻእ ሳላሕ፡ ቦታኡ ንምሽፋን ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ፡ የማናይ ክንፊ መስመር መጥቃዕቲ ንምዕባስ፡ ንዲያማንደ ሓጺያቶ ትርከብ።

ብዘይካዚ፡ ናይ ሃገራን ናይ ኤውሮጳን ሻምፕዮን ብምዃን ዕዉት ወቕቲ ዘሕለፈት ፒኤስጂ'ውን፡ ኣብ መስርዓ ክትጸንብሮ ትንቀሳቐስ ኣላ።

እዚ ይኹን እምበር፡ ኣርቢ. ሌፕዚግ፡ ክትሸጦ ድሌት ከምዘይብላ እዩ ዝሕብር። ንሱ ግን፡ ናብ ዓበይቲ ክለባት ክሰጋገር ድሌት ኣለዎ። ኣቐዲሙ'ውን "ፒኤስጂ፡ ካብ ቁልዕነተይ ዝፈትዋ ዝነበርኩ ክለብ ኢያ። ናብ ፓሪስ ክኸይድ'ን ምስዛ ሓንቲ ካብ ዝዓበያ ክለባት ዝኾነት ጋንታ ክሰለፍን ደስ ይብለኒ። ሕጂ ግን ኣብ ዋንጫ ዓለም እዩ ዘሎ ኣተኩሮይ። ድሕሪኡ ዝጋጥም ብሓደ ክንርእዮ ኢና።" ኢሉ ብምንባሩ፡ ኣርቢ. ሌፕዚግ ንመሰርሕ ምስዋጋኡ ደው ተብሎ ኣይመስልን። ጥራይ ዝዕግበ ኣታዊ ክትረኽበሉ ኣለዋ። ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ምናልባት'ውን ቅድሚኡ፡ መጻኢኡ ሓደ ኣንፈት ይሕዝ ይኸውን።

## ኣብ ዋንጫ ዓለም ክስበሩ ትጽቢት ዝግበረሎም ክብረ ወሰናት

\- 16 ግጥማት ብምዕዋት 'ዝበዝሐ ጸወታታት ዝተዓወተ ኣሰልጣኒ' ናይ ምዕራብ ጀርመን ዓላሚ ዝነበረ ሀልሙት ሾሆን እዩ። ንሱ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1966፡ 1970፡ 1972ን 1978ን እዩ ዝ. ብዝሓ. ዓወታት ኣመዝጊቡዎ። 25 ግጥማት ብምምራሕ'ውን ኣብ ቅድሚት ይርከብ።

ናይ ሕጂ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ - ዲዴር ዲሻምፕ፡ ኣብ 2014፡ 2018ን 2022ን - 19 ግጥማት መሪሑዋ። ኣብ 14 ጸወታታት ድማ ተዓዊቱ። ኣብዚ ናይ 2026 ውድድር፡ ክልተ ምስ ዝዕወት ክመዓራረዮ፡ ልዕሊኡ ምስ ዝዕወት ከኣ ክሓልፎን ናይ ብሕቱ ክብሪ ክጉብርን እዩ። ምናልባት ክሳብ ፍርቂ ፍጻመ እንተበጺሑ'ውን (ሸውዓተ ግጥማት ክካየድ እዩ) ብዝበዝሐ. ግጥማት'ውን ክሓልፎ እዩ።

\- ዝበዝሐ ሸቶታት ኣብ ሓደ ዋንጫ ዓለም፣ ኣብቲ 32 ሃገራት ዝተሳተፋኣ ቀጠር ዘኣንገደቶ ናይ 2022 ውድድር፡ 172 ሸቶታት ተመዝጊቡ፣ ብዝበዝሐ'ውን ክብረ ወሰን ሒዙ ኣሎ። ሎሚ ዓመት ግን፡ ብዝሓ. ሃገራት ናብ 48 ሃገራት ክብ ኢሉ፣ 104 ግጥማት ከኣ ብምህላዉ፡ ዝ. ብዝሓ. ክሓልፎ ይግመት።

\- ኑቲ ጀርመናዊ ሚሮስላቭ ክሎዘ ሒዝዎ ዘሎ ክብረ ወሰን ብዝሓ. 16 ሸቶታት፣ ሊዮኔል ሜሲ. 13፡ ኪሊያን ምባፐ 12 ብምምዝጋብ ቀሪቦሞ ኣለዉ። ሮናልዶ፡ ኬይንን ነይማርን ከኣ፡ ሸሸሞንተ ሸቶታት ኣቑጺሮም ኣለዉ።

ብኣንጻርዚ፡ ብራዚላዊ - ፐሌ፡ ኣብ 1958 ወዲ 17 ዓመትን 239 መዓልታትን እንከሎ ኣብ ልዕሊ. ዌልስ ብዘመዝገቦ ሸቶ 'ዝንኣሰ ኣመዝጋቢ'፣ ሃንጋሪ ኣብ 1982 ንኤል ሳልቫደር 10-1 ዝሰዓረትሉ 'ዝገፍሐ ዓወት' - ክስበሩ ትጽቢት ዘይግበረሎም ክብረ ወሰናት እዮም።

## "ንሮናልዶ፡ ከም ኣብነት እየ ዝጥቀመሉ" ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ

ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ስጳኛ - ሉዊስ ደ ላ ፎንተ፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዓቢ. ኣብነት ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ ዓላሚ፡ "ንተጻወትተይ ኣብ ዝምዕደሉ እዋን፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንሮናልዶ፡ ከም ኣብነት እየ ዝጥቀመሉ። ንሱ ዓቢ. ኣብነት እዩ፡ ንኣሹቱን ንዓበይቲን ብሓፈሻ ንኹሉ።" ክብል፡ ኣድናቖት ሓዊሱ ገሊጹ።

ፖርቱጋላዊ ወዲ 41 ዓመት ሮናልዶ፡ ኣብዚ "ወዲ ኣርባዕ ዘርባዕባዕ" ዝበሃለሉ ዕድሜ፡ ወላኳ ከምቲ ናይ 20ታትን 30ታትን ዕድመኡ ኣይኹን፡ ግን፡ ቁመናኡ ሓልዩ ኣብ ዝለዓሉ ውድድር ብብቕዓት ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንምጽዋት ከኣ ኩሉ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ኣሎ - ኣብ ሽዱሽተ ዋንጫ ዓለማት ብምጽዋት ከኣ ምስ ቀንዲ መውዳድርቱ ሊዮኔል መሲ. ክብረ ወሰን ክሕዝ እዩ።




**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ሊግ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ**

ኣልታሕሪር - ደንደን 2፡00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ዘራእቲን ጥሪትን 4፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ፕረዚደንት ቻይና፡ ናብ ሰሜን ኮርያ ክገይሽ ይዳሎ

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ. ጂንፒንግ፡ ብዕድመ መራሒ. ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣብታ ሃገር ወግዓዊ ምብጻሕ ክፍጽም ምዃኑ፡ ወግዓውያን ኣገልግሎታት ዜና ናይተን ሃገራት ትማሊ. ዓርቢ. ሓቢሮም።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣገልግሎት ዜና 'ሺንዋ'፡ ፕረዚደንት ሺ. ዝመጽእ 8ን 9ን ሰነ ኣብ ሰሜን ኮርያ ዑደት ክፍጽም እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ንዕላማ ናይቲ ዝመጽእ ሰሙን ዝቐድድ ዑደት ኣመልኪቱ ዝኾነ ዝተዋህበ ዝርዝራዊ ሓበሬታ የለን።

ፕረዚደንት ሺ፡ ሒደት ሰሙናት ድሕሪኡ ንፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ብዘናጸል ኣብ ከተማ ቤጂንግ ተቐቢሉ ምዝርራቡ እዩ እዚ. ወግዓዊ ምብጻሕ ክፍጽም ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ።

እቲ ዑደት፡ ኑቲ ቻይና ምስ ሰሜን ኮርያ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ዝምድና ንምሕያልን ኣብ ምብራቕ ኤስያ ዘለዋ ጽልዋ ንምስፋሕን ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ዘንጸባርቕ ከም ዝኾነ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ ኣለው።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ዞባዊ ጸጥታን ቅልውላው ሓውሲ. ደሴት ኮርያን ዘተኮረ ዝርርብ ክካይዱ ትጽቢት ይግበር።

ፕረዚደንት ሺ፡ ኣብ ሰሜን ኮርያ ዝፍጽሞ ምብጻሕ፡ ድሕሪ 2019 ናይ ፈለማ ክኸውን እዩ።

መራሒ. ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ቻይና ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 80 ዓመት ናይ'ቲ ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ልዕሊ. ጃፓን ዝተጎናጸፈቶ ዓወት፡ ዝሓለፈ. መስከረም ኣብ ዘቐደቶ ጽንብል ከም ዝተሳተፈ. ዝዝከር እዩ።



## ዘለንስኪ፡ ምስ ፑቱን ብኣካል ክዘራረብ ሓቲቱ

ፕረዚደንት ዩክረይን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሩስያን ዝቐጽል ዘሎ ደማዊ ኩናት ደው ንምባል፡ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ብኣካል ተራኺቡ ክዘራረብ ከም ዝደሊ. ዝጠልብ ደብዳበ ናብቲ ሩሲያዊ መራሒ. ከም ዝለኣኸ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ. ኣብቲ ዝለኣኾ ክፉት ደብዳቤ፡ ኩናት ዩክሬን - ሩሲያ ዳግማይ ኣተኩሮ ኣመሪካ ክስሕብ ምጽባይ ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ገሊጹ።

እንክሎ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ዩክረይን ኣብ ስምምዕ ሰላም ንምብጻሕ ድሉው ምዃኑ እኳ እንተ ሓበረ፡ ቅድሚኡ ግን ክማልኡ ዘለዎም ቅድመ ኩነታት ከም ዘለዉ. ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ፑቱን፡ ዩክረይን ካብ ዞባታት ዶንየስክ፡ ሉሃንስክ፡ ኪርሶንን ዛፖሪዝያን ክትወጽእ፡ ከምኡ'ውን ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ንምዃን ዘለዋ ድሌት ክተቋርጽ እዩ ክጠልብ ጸኒሑ።

ኣብ ዝሓለፈ. ኣዋርሕ ኣብ መንጎ ሩሲያን





ሞስኮ ብወገና፡ ኑቲ ደብዳቤ ከም ዝተቐበለቶ ኣረጋጊጻ ኣላ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ንፕረዚደንት ፑቱን ከም'ዚ. ዓይነት ዕድመ ከቕርበሉ እዚ. ናይ ፈለማ ከም ዘይኮነ እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን፡ ንዝርዝራዊ ትሕዝቶ ናይቲ ዝተላእከሉ ደብዳቤ ክየርኣዮ ዩክረይንን ተኸሲ. ደው ንምባል ክቐጽል ዝጸንሐ ዘተታት፡ ምሉእ ብምሉእ ደው ከም ዝበለ እዩ ዝፍለጥ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ፡ ኣብቲ 1800 ቃላት ዘለዎ ክፉት ደብዳቤኡ፡ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ክንብሮ ዝጠለቦ ቀጥታዊ ዝርርብ፡ ኣብ ከም ስዊዘርላንድን ቱርኪን ዝኣመሰላ ሃገራት ክቐድድ ከም ዝኽእል ገሊጹ።

## እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ መጥቃዕቲ ኣካዪዳ



እስራኤልን ሊባኖስን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ንምትግባር ድሕሪ ምርድዳኦን፡ 24 ሰዓታት ኣብ ዘይመልኡ ግዜ፡ እስራኤል ኣብ ደቡባውን ምብራቓውን ሊባኖስ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕትታት ብውሕዱ ሸሞንተ ሰላማውያን ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 15 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ኣፍሊጡ።

ሰራዊት እስራኤል ብወገኑ፡ ሓደ ወተሃደሩ ካብ ሕዝቦላህ ብዝተተኮሰ ጸረ-ታንክ ሚሳይል ከም ዝተቐትለ ገሊጹ።

ዝሓለፈ. ረቡዕ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ፡ እስራኤልን ሊባኖስን ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ክተግብራ ከም ዝተሰማምዓ ምግላጹ ዝዝከር እዩ።

ብመሰረት እቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ሕዝቦላህ ተኹሲ. ከቋርጽን ዕጡቓቱ'ውን ካብቲ ኣብ ፈለግ ሊታኒ. ዝርከብ ስትራተጂያዊ ቦታ ከውጽእን፡ ከምኡ'ውን ሰራዊት ሊባኖስ መንግስታዊ ዘይኮኑ ኣካላት ካብቲ ስትራተጂያዊ ቦታታት ከልግስ እዩ ትጽቢት ነይሩ።

ኣካል ናይቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ኣብ ዋሽንግተን ዝተኻየደ ራብዓይ ዙርያ ዝርርብ ዘይኮነ ሕዝቦላህ ግን፡ እቲ ዕጡቓቱ ክሉቁ ዝጽውዕን ሰራዊት እስራኤል ካብ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ክጸንሕ ዝጠልብን ስምምዕ፡ ንወረር እስራኤል ዘተባብዕ ደኣ እምበር ነቲ ዘሎ ግጭት ዘብቅዕ ከም ዘይኮነ ኣረዲኡ።

ብፍላይ መራሒ. ሕዝቦላህ ናይም ቃሰም፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ክሳብ ዘለው፡ ዕጡቓቱ ካብ ደቡባዊ ክፋል ናይታ ሃገር ከም ዘይለቁ ኣረጋጊጹ'ሎ።

## ኣመሪካ ንፕረዚደንት ኩባ ትእግድ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ. ፕረዚደንት ኩባ ሚግዌል ዲያዝ-ካኔልን ሰድራ ቤቱን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ. ካልኦት ውልቀ ሰባትን ትካላትን ናይታ ሃገር ሓድሽ እገዳ ከም ዘጽደቐት ተሓቢሩ።

እቲ ሓዲሽ እገዳ ኣካል ናይቲ ዋሽንግተን ኣብ ልዕሊ. መራሕትን ኩባ ጸቕጢ. ንምፍጣር እትወስዶ ዘላ ስጉምትታት ከም ዝኾነ እየም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

እቲ እገዳ ኣብ ባንክታት ኣመሪካ ንዝርከብ ንዋየ ሃብቶም ዘይስክልን ንጉዕዞ ንጥፈታቶም ዝድርትን ምዃኑ፡ ክፍሊ. ግምጃ ኣመሪካ ገሊጹ ኣሎ።



ፕረዚደንት ኩባ ሚግዌል ዲያዝ-ካኔል፡ ነቲ ሓዲሽ እገዳ ብትሪ ብምኹናን፡ ኣመሪካ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ግጭት ንምፍጣር ትሰርሕ ከም ዘላ ከሲሱ።

እዚ. ምዕባለታት እዚ. ዝርአ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኩባን ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ እናበኣሰ ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ፡ ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ልዕሊ. ኩባ ዝጸንዐ እገዳታት ኣመሪካ ንምኽራር፡ ኣብ ዝሓለፈ. ግዝኣት ከም ዝወሰነ ዝፍለጥ እዩ።

በቲ ካብ 1962 ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ. ኩባ ጸኒዑ ዘሎ እገዳ ነታ ሃገር ብጠቕላላ ናይ ልዕሊ. 930 ቢልዮን ዶላር ቍጠባዊ ክሳራታት ከም ዘውረደላ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ጽላታት ነዳዲ፡ ትምህርቲ፡ መጎዓዝያን ህንጻን ናይታ ሃገር፡ ብሰንኪ. ተኸታተልቲ እገዳታት ኣመሪካ ብኸቢድ ከም ዝተሃስዩ ከኣ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

መንግስቲ ኩባ፡ እቲ እገዳ ክለዓል ከቕርቦ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ. ጸወዓታት፡ ዛጊት ሰሚዒ. እዝኒ. ከም ዘይረኸበ ይፍለጥ።

## ዲ.ሪ.ኮንጎ - ቁጽሪ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ግዳያት 381 በጺሑ

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ብቫይረስ ኢቦላ ዝተጠቕዑ ሰባት ናብ 381 ክብ ክብል እንከሎ፡ ካብዚኣቶም ድማ እቶም 63 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሚኒስተር ጥዕና ናይታ ሃገር ሮጀር ካምባ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ሮጀር ኣብ ኪንሻሳ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ካብ ማእከል ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት ኣፍሪቃን ካልኦት ትካላትን ዝተረኽበ ልዕሊ. 4 ሽሕ ናይ መመርመሪ መሳርሒታት፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ናይታ ሃገር ኣብ ምቁጽጻር እቲ ተላባዒ. ሕማም ንዘካይድዎ ጻዕርታት ኣቃሊልዎ ከም ዝርከብ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እቲ 'ቡንዲቡግዮ' ብዝተባህለ ቫይረስ ዝስዓብ ለበዳ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሰለስተ ክፍለ ሃገራት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ተራእዩ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ዩጋንዳ ብወገኑ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ክሳብ ትማሊ. ዓርቢ. 19 ሰባት በቲ ቫይረስ ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ካብዚኣቶም ክልተ ሰባት ከም ዝሞቱ ኣፍሊጡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ዳህላክ | 06/06/2026 | ጎደና ገጀረት -751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565